ነጋሪት ጋዜጣ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ
ትግራይ

ብሓልዮት ቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ዝወፅአ

ቁፅሪ ኣዋጅ ---/2018 ዓ/ም

ህላወን ድሕንነትን ህዝቢ ትግራይ ንምውሓስ ዝወፅአ ኣዋጅ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ

ፀላኢ ህዝቢ ትግራይ ንምዕናት ዓሊሙ ቅሉዕ ወራር ኣዊጁ ኣብ ትግራይን ህዝባን ከቢድ ዕንወትን ጥፋኣትን እንተፈፀመ እውን ህዝቢ ትግራይ ብዝፈፀሞ ንዓለም ዘግረመ ብሄራዊ መኽተ ካብ ሙሉእ ዕንቲት ክድሕንን ፀላኢ እውን ተግዲዱ ስምምዕ ፕሪቶርያ ክፍርምን እንተተገበረ እውን ነቲ ስምምዕ እውን ከም መቐፀልታ ዕላምኡ ገይሩ ቅሉዕን ሰላሕታውን ዕንቲት እናፈፀመ ድሕሪ ምዕናሕ ብቅሉዕ ብምፍራስ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ኩለመዳይ ዕንቲት እናፈፀመ ዝርከብ ብምኻኑ፤

ፀላኢ ንሕገ-መንግስታዊ ስርዓትን ንስምምዕ ፕሪቶርያን ኣፍሪሱ ልኡላውነትን ግዝኣታዊ ሓድነትን ህዝቢ ትግራይ ብሓይሊ ብምውራር ህዝቢ ትግራይ መረበትን ዓድን ዘይብሉ ክብተንን ክጠፍእን ዓሊሙን ተሊሙን ይሰርሕ ብምህላው፤

እዚ ኩለመዳይ በደልን ግፍዕን ዝፍፅም ዘሎ ፀላኢ ህዝቢ ትግራይ ክፈናቐል፣ ክሰደድንን ክብተንን፣ ምግቢ፣ መፅለልን መድሓኒትን ስኢኑ ብጥምየትን ሕማምን ክሳቐን ክሃልቕን ንምግባር ዓሊሙ ይሰርሕ ብምህላውን በዚ እውን መላእ ህዝቢ ትግራይ ናብ ዝኸፈአ ማሕበረ-ቁጠባዊ ቅልውላውን ናብ ሙሉእ ዕንቲት ክኣቱን ይሰርሕ ብምህላውን ህዝብን መንግስትን ትግራይ ነዚ ኣንፀላልዩ ዘሎ ሓደጋ ህላው ዓርሶም ናይ ምክልኻል ተፈጥራኣውን ሕጋውን መሰል ስለዘለዎም፤

ቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ብመሰረት ተመሓይሸ ዝወፅአ ሕገ-መንግስቲ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ዓንቀፅ 39(1) ምስ ዓንቀፅ 49 እዚ ኣዋጅ ኣውፂኡ ኣሎ።

ክፍሊ ሓደ

ሓፈሻዊ ድንጋገታት

ዓንቀፅ 1. ሓፂር ርእሲ

እዚ ኣዋጅ "ህላወን ድሕንነትን ህዝቢ ትግራይ ንምውሓስ ዝወፅአ ኣዋጅ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ቁፅሪ ---/2018 ዓ/ም" ተባሂሉ ክፅዋዕ ይኽእል።

ዓንቀፅ 2. ትርጉም

ኣብዚ ኣዋጅ፦

1. **"ሕገ መንግስቲ"** ማለት ሕገ መንግስቲ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ቁፅሪ ኣዋጅ 45/1994 ምስ መማሓየሽኡ እዩ፤
2. **"መንግስቲ"** ማለት ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ እዩ፤
3. **"ቤት ምኽሪ"** ማለት ቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ እዩ፤
4. **"ቤት ፍርዲ"** ማለት ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ፣ ማእኸላይ ቤት ፍርድን ወረዳ ቤት ፍርድን ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ እዩ፤
5. **"ፕረዚደንት"** ማለት ፕረዚደንት ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ እዩ፤
6. **"ቤት ምኽሪ ፈፃሚ ስራሕ"** ማለት ቤት ምኽሪ ፈፃሚ ስራሕ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ እዩ፤
7. **"ማእኸላይ ኮማንድ"** ማለት ህላወን ድሕንነትን ህዝቢ ትግራይ ንምውሓስ ብዚ ኣዋጅ ዝተጣየሸ ኣካል እዩ፤
8. **"ሽመት ምቕባል"** ማለት ብድልየትን ፈቓድን ካብ ዐላኢ ሽመት ወይ ሓላፍነት ተቐቢልካ ሕገ መንግስታዊ ስርዓት ትግራይ ንምፍራስ ልኡኽ ሒዝካ ምስራሕ እዩ፤
9. **"ዐላኢ"** ማለት ኣንፃር ህልውና፣ ድሕንነትን ልኡላውነትን ህዝቢ ትግራይ ኩናት ዝኣወጀ ወይ ንኩናት ዝተዳለወ ወይ ብቐጥታ ይኹን ብተዘዋዋሪ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ስነ ልቦናዊ፣ ቁጠባውን ብሄራዊ ረብሓታቱን ጉድኣት ንምብፃሕ ዓሊሙ ዝሰርሕ ሓይሊ ኮይኑ ብቐጥታ ይኹን ብተዘዋዋሪ ምስዚ ሓይሊ እዚ ብምትሕብባር ይኹን ብልእኽቶ ዝሳተፍ ዝኾነ መንግስቲ ወይ ጉጅለ ወይ ሓይሊ ወይ ሰብ ወይ ዝኾነ ኣካል ይሓውስ፤

10. **"ትካል ፋይናንስ"** ማለት ኣብ ውሽጢ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ኣብ ምንቅስቃስን ምትሕልላፍን ወይ ኣብ ምዕቋር ወይ ምምሕዳር ገንዘብ ዝተዋፈረ ብሕጊ ዝተጣየሸ መንግስታውን ዘይመንግስታውን ትካላት ፋይናንስ ወይ ባንኪ ወይ ኩባንያ ኢንሹራንስ፣ ብመሰረት ሕጊ ዝተጣየሸ ኣናእሽተይ ትካል ፋይናንስ፣ መተሓላለፍቲ ገንዘብን ካልእ ምስዚ ተግባር ዝመሳሰል ተግባር እውን ዝሓውስ እዩ፣
11. **"መሰረታዊ ሃልኪ"** ማለት ህዝቢ ትግራይ መዓልታዊ ህይወቱ ንምምራሕ ወይ ናብርኡ ንምክያድ ዝጥቀመሎም ሸቀጣት፣ ንብረት፣ መድሓኒትን ነዳድን ዝሓውስ ኮይኑ ዝምልከቶ ኣካል መንግስቲ በቢእዋኑ ዘውፀኦም ንመሰረታዊ ሃልኪ ዝምልከቱ ሕግታት እውን ዝሓወስ እዩ፣
12. **"ኣካላት ፍትሒ"** ማለት ሕግታት ኣብ ምትርጓምን ምፍፃምን ዝሰርሑ ከም ቤት ፍርዲ፣ ቢሮ ፍትሒ፣ ኮምሽን ስነ ምግባርን ፀረ ግዕዝይናን፣ ፖሊስ ኮምሽን፣ ኮሚሽን ኣብያተ ህንፀትን ቤት ፅሕፈት ምልሻን እዮም፣
13. **"ሰብ"** ማለት ተፈጥራዊ ሰብ ወይ ብሕጊ ሰብነት ዝተውሃቦ ኣካል ማለት እዩ፣

ዓንቀፅ 3. ኣገላልፃ ዖታ

ኣብዚ ኣዋጅ ብተባዕታይ ዖታ ዝተገለፀ ንኣነስታይ ዖታ እውን ተፈፃምነት ይህልዎ።

ዓንቀፅ 4. ወሰን ተፈፃምነት

1. እዚ ኣዋጅ ኣብ ትግራይ ወይ ካብ ትግራይ ወፃኢ ኣብ ዝኾነ ቦታ ወይ ከባቢ ኮይኑ ዜግነቱ ወይ ዝመፀሉ ከባቢ ብዘየገድስ ኣብ ልዕሊ ዝኾነ ሰብ ኣብዚ ኣዋጅ ኣብ ዝተደንገገ ዋኒን ተፈፃምነት ይህልዎ፣
2. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ (1) ዝተገለፀ ሕልው ኮይኑ ኣብዚ ኣዋጅ ካብ ዝተገለፀ ቅፅዓት ኣብ ካሊእ ሕጊ ዝኾበደ ቅፅዓት ዘቕፅፅ እንተኾይኑ ተፈፃሚ ይኸውን፡፡

<u>ክፍሊ ክልተ</u>

<u>ፃውዒት ብሄራዊ መኸተ፣ ኣወዳድባ፣ ስልጣንን ተግባርን ትካላት ብሄራዊ መኸተ</u>

ዓንቀፅ 5. ፃውዒት ምርግጋፅ ህልውና ድሕንነትን

1. ዝኾነ ዕድሚኡን ጥዕንኡን ዝፈቕደሉ ወዲ ትግራይ ህላው፣ ድሕንነትን ልኡላውነትን ህዝቢ ትግራይ ንምኽባር ብመንግስቲ ትግራይ ንዝቐርበሉ ፃውዒት መኽተ ተቐቢሉ ክሳተፍ ብሂራዊ ግቡእ ኣለዎ፣
2. ብመሰረት እዚ ኣዋጅ ፃውዒት ብሂራዊ መኽተ ንህልውና፣ ድሕንነትን ልኡላውነትን ህዝቢ ትግራይ ብፕረዚደንት ዝግለፅ ኮይኑ ዝርዝሩ ቤት ምኽሪ ፈፃሚ ስራሕ ብዘውዕኦ ደንቢ ይውሰን።

ዓንቀፅ 6. ምጥያሽ ትካላት ብሂራዊ መኽተ

ኣወዳድብኡ፣ ስራሕን ሓላፍነቱን ቤት ምኽሪ ፈፃሚ ስራሕ ብዘውዕኦ ደንቢ ዝውሰን ኮይኑ፦

1. ተፀዋዕነቱ ንፕረዚደንት ዝኾነ ማእኸላይ ኮማንድ በዚ ኣዋጅ ተጣይሹ ኣሎ፣
2. ተፀዋዕነቱ ንፕረዚደንት ዝኾነ ሰራዊት ትግራይ በዚ ኣዋጅ ተጣይሹ ኣሎ፣
3. ኣብ እዋን መኽተ ዝህሉ ስርዓት ቁጠባ፣ ግንዘብን ካልኦት ተዛመድቲ ጉዳያትን ብላዕለዋይነት ዝመርሕ ትካል ፋይናንስ በዚ ኣዋጅ ተጣይሹ ኣሎ፣
4. ንኹሉም ናይ መንግስትን ውልቀን ትካላት ሚድያ ሕግን ስርዓትን መሰረት ገይሮም ንኽሰርሑ ፍቓድ ዝህብ፣ ዘሕድስ፣ ዝድግፍን ዝቆፃፀረን ባዓል መዚ ትካላት ሚድያ በዚ ኣዋጅ ተጣይሹ ኣሎ፣
5. ፕረዚዳንት ብሕገ መንግስቲ ዝተዋሃቦ ስራሕን ሓላፍነትን ሕልው ኮይኑ ላዕለዋይ ኣዛዚ ሰራዊት ትግራይን መራሒ ማእኸላይ ኮማንድን እዩ።

ዓንቀፅ 7. ኣወዳድባ፣ ስራሕን ሓላፍነትን ኣካላት ፍትሒ

ኣብ ሕገ መንግስትን ካልኦት ሕግታትን ብሂራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ንቤት ፍርዲ፣ ቢሮ ፍትሒ፣ ኮምሽን ስነ ምግባርን ፀረ ግፅዝይናን ፖሊስ ኮምሽንን ዝተዋሃበ ስራሕን ሓላፍነትን ከም ዘለዎ ኮይኑ ነዚ ብሂራዊ መኽተ ክባሃል እዞም ዝስዕቡ ፍሉያት ተልእኾታት ተዋሂቡ ኣሎ፦

1. ኣካላት ፍትሒ ኣብዚ ኣዋጅ ብሂራዊ መኽተ ንዝተደንገጉ ገበናት ስሉጥ፣ ዕሬቱ ዝሓለወን ተበፃሓይን ስርዓት ምዕራይ፣ ክስን ዳይነትን ንኽህሉ ብፍሉይ ንኽመርሑን ንኽፍዕሙን ግቡእ ኣለዎም፣
2. ኣብዚ ኣዋጅን ካልኦት ሕግታትን ብዝተቐመጠ ስርዓት መሰረት ሰላምን ድሕንነትን ህዝቢ ምቁዕፃር ዘይካኣለሉ ፍሉይ ኩነታት እንተኣጋጥም ብተደጋጋሚ ገበን

ንዝፍዕሙ ወይ ብዝሀልዎም ኣወዳድባ ወይ ስውርን ዝተራቐቐን ናይ ገበን ምፍፃም ልምድን ስልትን ወይ ብዘለዎም ንገበን ምፍፃም ዝደፋፍእ ናይ ወልፍን ካልኦት ሓደገኛ ልምድን ተግባርን እናተርአየ ናብ ማእኸል ህንፀት ወይ ተሃድሶ ኣትዮም ናይ ስነ ምግባር፣ ሞያ ስልጠናን፣ ኣእምሮ ሕውየትን ክረኽቡን ክህነውን ዝገብር ተወሳኺ ናይ ገበን ምክልኻልን ህንፀትን ስርዓት ንኽካየድ ብኣካላት ፍትሒ ብዝቐርብ መፅናዕቲ ብውሳነ ቤት ምኽሪ ፈፃሚ ስራሕ ይትግበር፣

3. ዝርዝሩ ቤት ምኽሪ ፈፃሚ ስራሕ ብዘውፅኦ ደንቢ ይውሰን።

ክፍሊ ሰለስተ

ተሓታትነት ገበን

ዓንቀፅ 8. ፃውዒት ምርግጋፅ ህልውና ድሕንነትን ዘይምቕባል

1. ዝኾነ ትግራዋይ ኣብ ሰራዊት ትግራይ ክኣቱ ወይ ክጋደል ወይ ኣብ ደጀን ኮነ ኣብ ግንባር ግቡኡ ክፍፅም ዕድሚኡን ኣካላዊ ኩነታቱን እናፈቐደሉ ፃውዒት ወይ ኣዋጅ ብሄራዊ መኽተ ቀሪቡሉ ዘይፈፀመ እንተኾይኑ ካብ ዓሰርተ ሽሕ ክሳብ ሓምሳ ሽሕ ብር መቕፃዕቲ ገንዘብ ተቐጢዑ ግቡኡ ክፍፅም ይግበር፣

2. ድንጋገ እዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ (1) እንተሃለወ እውን ግቡእ ዘለዎ ዝኾነ ሰብ ምስ ተቐፅዐ ግቡኡ ክፍፅም ድልው ምኻኑ እንተተረጋጊፁ ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ነቲ ዝቐፅየ ገንዘብ ክምለሰሉ ይገብር፣

3. ድንጋገ ንኡስ ዓንቀፅ (2) ሕልው ኮይኑ ድሕሪ ቅፅዓት ክምለሰሉ ምውሳኑ እንተጠሊሙ ተወሲኑሉ ዝነበረ ቅፅዓት ገንዘብ ከፊሉ ግቡኡ ክፍፀም ይግበር፣

4. ኣብዚ ዓንቀፅ ዝተወሰነሉ ቅፅዓት ገንዘብ ክፍፅም ፍቓደኛ ዘይኮነ ሰብ ተኣሲሩ ክኸፍል ምስ ተገበረ ግቡኡ ክፍፅም ይግበር።

ዓንቀፅ 9. ካብ ኣገልግሎት መኽተ ንምምላጥ ዝፍፀም ምጭብርባር

ዝኾነ ትግራዋይ ሉኣላውነት፣ ደሕንነትን ህልውናን ህዝቢ ትግራይ ውሑስ ንምግባር ካብ ዝቐረበሉ ፃውዒት ክቱት ወይ ካብ ምስላፍ ንምምላጥ ብምሕሳብ ስራሕቲ ምልመላ ወይ መደብ ምስላፍ ንዘካይዱ ሓለፍቲ ንምትላል ትሉም ሜላታት ዝተጠቐመ ወይ ሓሶት

ምስክር ወረቐት ብምቐራብ፣ ብሓሶት ቃል ወይ ብሰነድ ብምሕጋዝ ወይ ሕሙም ወይ ጎደሎ ኣካል ብምምሳል ዘታለለ እንተኾይኑ ካብ ዒስራ ሽሕ ክሳብ ሓምሳ ሽሕ ብር መቐፃዕቲ ገንዘብ ተቐሚዑ ግቡኡ ክፍዕም ይግበር።

ዓንቀፅ 10. ብዘይፍቓድ ገንዘብ ወይ ንብረት ምእካብ

ዝኾነ ሰብ ንባዕሉ ወይ ንካልእ ሰብ ጥቕሚ ንኽረክብ ብምሕሳብ ካብ ፍቓድ ዝምልከቶ ኣካል መንግስቲ ወፃኢ ወይ ካብ ገንዘብ ክእከበሉ ዝተቐመጠ ሕጊ ወይ ሰነድ ወይ ኣሰራርሓ ወፃኢ ብዝኾነ ዓይነት ሜላ ገንዘብ ወይ ንብረት ዝኣከበ፣ ንኽእከብ ዝገበረ ወይ ዝፈፀመ እንተኾይኑ ካብ ሰላሳ ሽሕ ብር ክሳብ ሓምሳ ሽሕ ብር መቐፃዕቲ ገንዘብን ይቐፃዕ፣ እቲ ዝኣከቦ ገንዘብ ወይ ንብረት ይውረስ ወይ እዋናዊ ግምት ዋጋ ይኽፍል።

ዓንቀፅ 11. ሕጋዊ ገንዘብ ዘይምቕባል

1. ዝኾነ ሰብ ብቑዕ ምኽንያት ከይሃለዎ ዋጋ ብዘለዎ ማዓድን ወይ ወረቐት ዝተሰርሐ ሕጋዊ ገንዘብ ወይ ብጥረ ገንዘብ ወይ ብዝተፈላለየ ሕጋዊ ግልጋሎት ቴክኖሎጂ ምትሕልላፍ ገንዘብ ወይ ባንኪ ትራንስፈር ኣይቕበልን እንተይሉ ካብ ዓሰርተ ሽሕ ክሳብ ሓምሳ ሽሕ ብር ይቐፃዕ፣

2. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ (1) ዝተገለፀ እንተሃለወ እውን ንዘጋጥም ኩነታት ተበሊፁ ዝተፈፀመ እንትኾይኑ ወይ ብእዋናውነትን ኣገዳስነትን እቲ ልውውጥ ገንዘብ እናፈለጠ ወይ እናተነገሮ ዝተፈፀመ እንተኾይኑ ካብ ሓምሳ ሽሕ ክሳብ ሓደ ምኢቲ ሽሕ ብር ይቐፃዕ።

ዓንቀፅ 12. ንኣካል መንግስቲ ዘይምሕጋዝን ኮነ ኢልካ ምዕንቃፍን

ዝኾነ ሰብ ግቡእ ስርሑ እናፈፀመ ንዘለዎ ሰራሕተኛ መንግስቲ ወይ ኣመራርሓ ገበን ምንጋዕ ሰላም ህዝቢ ወይ ካሊእ ፍፃመ ገበን ወይ ምምላጥ ገበነኛ ንምክልኻል ካብኡ ዝድለ ሓገዝ ክገብር እንትሕተት እምቢተኛ ኮይኑ እንተተረኺቡ ካብ ዓሰርተ ሽሕ ብር ክሳብ ሓምሳ ሽሕ ብር ይቐፃዕ።

ዓንቀፅ 13. ትእዛዝ ዘይምፍፃም

ዝኾነ ሰብ ግቡኡን ሓላፍነቱን እናፈፀመ ወይ ሕግን ስርዓትን ንምኽባር ግቡኡ ንዝፍዕም ኣካል፡-

1. ሽሙ፣ ኣድራሽኡ፣ መንነቱ ክነግር እንትሕተት ወይ ሓፈሻዊ ውልቃዊ ኩነታቱ ብዝምልከት ብዝርዝር ክገልፅ እንትሕተት ፍቓደኛ እንተዘይኮይኑ ካብ ሓደ ሽሕ ክሳብ ሰለስተ ሽሕ ብር ይቕፃዕ።
2. ጠጠው ክብል ወይ ክንቕሳቀስ ወይ ክለቅቕ ወይ ህዝቢ ካብ ዝመሓላለፈሎም ቦታታት ክለቅቕ ወይ ዝሓዞም ነገራት ወይ ሰነዳት ወይ ዘጠራጥሩ ነገራት ከፈትሽ ወይ ካልእ ሕጋዊ ትእዛዝ ክፍፅም እንትእዘዝ እምቢተኛ እንተኾይኑ ካብ ሰለስተ ሽሕ ክሳብ ዓሰርተ ሽሕ ብር ይቕፃዕ።
3. ዝኾነ ሰብ ሕጋዊ ሓላፍነት ካብ ዘለዎ ሰብ ዝተውሃበ ትእዛዝ ወይ መምርሒ ዘይፈፀመ እንተኾይኑ ካብ ዒስራ ሽሕ ክሳብ ሓምሳ ሽሕ ብር ይቕፃዕ።

ዓንቀፅ 14. ዝተኸልኸለ ዕጥቂ ምሓዝን ጥይት ምትኳስን

1. ዝኾነ ሰብ ክሕዞ ወይ ክዓጥቆ ኣብዘይተፈቐደ ቦታ ከም ካራ፣ ገጀራ፣ ፈራር፣ ፋስ፣ ጭማራ፣ ጉራዴ፣ ጎዞ፣ መጋዝ፣ ዝኣመሰሉ ሓደጋ ክብፅሑ ዝኽእሉ ቀለልቲ ዕጥቅታትን መሳርሕታትን ካብ ስራሕ ቦትኡ ወይ ገዝኡ ወፃኢ እንተሒዙ ካብ ክልተ ሽሕ ክሳብ ሰለስተ ሽሕ ብር ተቐጢዑ እቲ መሳርሒ ክውረስ ይግበር።
2. ኣብ ካሊእ ሕጊ ዝበለፅ ዘቕፅፅ እንተዘይኮይኑ ብሕጊ ካብ ዝተፈቐደ ወፃኢ ጥይት ዝተኮሰ ካብ ሓሙሽተ ሽሕ ክሳብ ዓሰርተ ሽሕ ብር ተቐጢዑ እዋናዊ ዋጋ ናይ ዝተኮሰ ጥይት ክትክእ ይግበር።

ዓንቀፅ 15. ጥዕናን ፀጥታን ሕብረተሰብ ዝነድእ ተግባር ምፍፃም

ዝኾነ ሰብ፡-

1. ከም ቢንጎን ካልኦት ዓይነታት ብመልክዕ ሎቶሪ ዝፍፀሙ ካብ መንግስቲ ትግራይ ሕጋዊ ፈቓድ ዘይብሎም ወይ ከም ቁማር ወይ ንሽሻ ሓዊሱ ካሊእ መዐወኒ እፅን ዝተጠቐመ ወይ ዘጥቀመ ወይ ዘዘዋወረ ወይ ዘምረተ ወይ ዘከፋፈለ ወይ ዝሸጠ እንተኾይኑ ካብ ሓሙሽተ ክሳብ ዓሰርተ ሽሕ ብር ይቕፃዕ።
2. ርችት ምትኳስ ወይ ፀጥታ ሕብረተሰብ ዝህውክን ኣብ ሕብረተሰብ ራዕዲ ዝፈጥርን ድምፂ ወይ ሙዚቃ ብምኽፋት ህዝቢ ክርዕድ ወይ ፀጥታኡ ክህወኽ ዝገበረ ካብ ዓሰርተ ክሳብ ዒስራ ሽሕ ብር ይቕፃዕ።
3. ኣብዚ ዓንቀፅ ዝተገለፀ ሕጋዊ ሰብነት ብዘለዎ ትካል እንትፍፀም ካብ ብር ሓምሳ ሽሕ ክሳብ ብር ሓደ ሚኢቲ ሽሕ ናይ ገንዘብ ቅፅዓት ይቕፃዕ።

ዓንቀፅ 16. ካብ ብሄራዊ ግቡእ ነፃ ምግባር

ዝኾነ ኣመራርሓ፣ ኣባል ኮሚቴ መኽተ፣ ምምሕዳር፣ ሓላፍነት ምምልማል ተዓላሚ ዘለዎ ዝኾነ ሰብ ኣብ ሰራዊት ትግራይ ተሰሊፉ ብሄራዊ ግቡኡ ክፍዕም ግቡእ ንዘለዎ ትግራዋይ ግቡኡ ከይፍዕም ሓሲቡ ብሄራዊ ግቡእ ከይፍዕም ዝገበረ ወይ ነዓ ንክኸውን ሓሶት መረዳእታ ሕክምና ዝሃበ ወይ ሓሶት መረዳእታ ሕክምና ንኽዋሃብ ዝተሓባበረ እንተኾይኑ ካብ ሳላሳ ሽሕ ብር ክሳብ ሓምሳ ሽሕ ብርን ተቐጢዑ ነዓ ዝተገበረ ሰብ ግቡኡ ክፍዕም ይግበር።

ዓንቀፅ 17. ንመኽተ ምዕንቓፍ

1. ዝኾነ ሰብ ልኡላውነት፣ ህልውናን ደሕንነትን ህዝቢ ትግራይ ውሑስ ንምግባር ክጋደል ዝግበኦ ንኽይጋደል ብምሕሳብ ዝሓበኣ ወይ ክሕባእ ዝገበረ ወይ ካብ ሰራዊት መሊቹ ናብ ገዝኡ ዝተመለሰ ኣባል ሰራዊት ትግራይ ዝሓበኣ ወይ ክሕባእ ዝገበረ እንተኾይኑ ካብ ሓደ ዓመት ክሳብ ሓሙሽተ ዓመት ክበፅሕ ዝኽእል ፅኑዕ ማእሰርትን ካብ ዓሰርተ ሽሕ ብር ክሳብ ሓምሳ ሽሕ ብር መቕፃዕቲ ገንዘብ ይቕፃዕ።
2. ኣፈፃፅማ እቲ ገበን ብሸለልትነት ዝተፈፀመ እንተኾይኑ ክሳብ ሓሙሽተ ሽሕ ብር ዝበፅሕ ቅፅዓት ገንዘብ ይቕፃዕ፣
3. ዝኾነ ኣመራርሓ፣ ኣባል ኮሚቴ መኽተ፣ ሓላፊ ምምሕዳር፣ ሓላፍነት ምምልማል ተዓላሚ ዘለዎ ዝኾነ ሰብ ኣብ ሰራዊት ትግራይ ተሰሊፉ ኣንፃር ፀላእቲ ክምክት ወይ ከገልግል ወይ ክሕግዝ ሕጋዊ ግቡእ ንዘለዎ ትግራዋይ ንከይኽትት ሓሲቡ ግቡእ ከይፍፅም ዝገበረ ወይ ካብ ስሩዕ ኣሰራርሓ ወፃኢ ዝመደበ ወይ ተመሳሳሊ ናይ ኣድልዎ ስራሕ ዝሰርሐ ወይ ተመሳሳሊ ተግባር ዝፈፀመ እንተኮይኑ ካብ ሰለስተ ዓመት ክሳብ ሽውዓተ ዓመት ዝበፅሕ ፅኑዕ ማእሰርትን ብር ዓሰርተ ሽሕ ናይ ገንዘብ ቅፅዓትን ይቕፃዕ።
4. ዝኾነ ሰብ ኣብ ትግራይ ወይ ካብ ትግራይ ወፃኢ ኮይኑ ዝኾነ ሰብ ወይ ህዝቢ ትግራይ ወይ ሰራዊት ትግራይ ከይጋደል ወይ ከይምክት ወይ ኣብ መኽተ ብዝኾነ መንገዲ ከይሳተፍ ዓሊሙ ብሚድያ ኮነ ካሊእ ሜላ ተጠቒሙ ዘለዓዓለ ወይ ዝመርሐ ወይ ዝፈፀም ወይ ነዚ ዝውዕል ገንዘብ ዝሃበ ወይ ዝኣከበ ወይ ዘከፋፈለ ወይ ተመሳሳሊ ተግባር ዝፈፀመ እንተኮይኑ ካብ ሓሙሽተ ዓመት ክሳብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ፅኑዕ ማእሰርቲ ይቕፃዕ። ኣፈፃፅምኡ ከቢድ እንትኸውን ድማ ካብ

ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ክሳብ ዒስራን ሓሙሽተን ዓመት ብዝበፅሕ ፅኑዕ ማእሰርቲ ይቕፃዕ።

5. እዚ ገበን ብትካል ሚድያ ወይ ካልእ ተመሳሳሊ ትካል እንትፍፀም ብመሰረት ሕጊ ዝህልዎ ቅዕዓት ገንዘብ ከም ዘለሎ ኮይኑ ፍቓድ ስራሑ ክሳብ ምስራዝን ምውራስን ዝበፅሕ ቅዕዓት ይቕፃዕ።

ዓንቀፅ 18. ክብሪ ምግዳልን መስዋእትን ምንኣስ

ዝኾነ ሰብ፡-

1. ዝኾነ ሰብ ክብሪ መስዋእቲ፣ ምግዳል፣ ተጋደልትን ስድራ ተጋደልትን ንምንካእ ብምሕሳብ ብዘረባ ወይ ብፅሑፍ ወይ ብምስሊ ወይ ብኻሊእ ብዝኾነ ሚላ ዘዋርድ ተግባር ዝፈፀመ ካብ ሓሙሽተ ዓመት ክሳብ ዓሰርተ ዓመት ዝበፅሕ ፅኑዕ ማእሰርትን ክሳብ ብር ዓሰርተ ሽሕ ዝበፅሕ ናይ ገንዘብ መቕፃዕትን ይቕፃዕ። ኣፈፃፅማ እዚ ገበን ብሚድያ ወይ ብኻልኦት ውዳበታት ብዝተወደበ መንገዲ ዝተፈፀመ እንተኾይኑ ካብ ዓሰርተ ዓመት ክሳብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ዝበፅሕ ፅኑዕ ማእሰርትን ካብ ብር ሓምሳ ሽሕ ክሳብ ብር ሓደ ሚኢቲ ሽሕ ዝበፅሕ ናይ ገንዘብ መቕፃዕትን ይቕፃዕ።
2. እዚ ገበን ኣብ ምፍፃም ዝተሳተፈ ዝኾነ ሚድያ ወይ ካሊእ ትካል ወይ ውዳበ ካብ ብር ሰለስተ ሚኢቲ ሽሕ ክሳብ ብር ሓሙሽተ ሚኢቲ ሽሕ ናይ ገንዘብ ቅዕዓት ይቕፃዕ።
3. ክብሪ ኣዴታት ትግራይ ወይ ህዝቢ ትግራይ ወይ ኣብ ሕገ መንግስቲ ዝተደንገገ ክብሪ ባንዴራ ወይ ብሄራዊ መዝሙር ወይ ወሎዶታት ህዝቢ ትግራይ ዝገበርዎ ቃልስን ነዙይ ዝተኸፈለ መስዋእትነትን ንምንኣስ ወይ ንምዕልእላእ ወይ ንመኸተ ህዝቢ ትግራይ ዘዋረደ ወይ ዝረገፀ ወይ ግቡእ ክብሪ ከይረክብ ዝገበረ ወይ ተመሳሳሊ ተግባር ዝፈፀመ ክሳብ 5 ዓመት ዝበፅሕ ቀሊል ማእሰርትን ክሳብ ብር ዓሰርተ ሽሕ ዝበፅሕ ናይ ገንዘብ መቕፃዕትን ይቕፃዕ።

ዓንቀፅ 19. ሃፍቲ ህዝብን መንግስትን ብዘይኣግባብ ምጥቃምን ምብኻንን

1. ዝኾነ ሰብ ኮነ ኢሉ ሃፍቲ መንግስትን ሰራዊትን ትግራይ ኣብ ጥቕሚ ንኸውዕል ዝዓቀብዎ ወይ ብሓደራ ዘቑመጥዎ ናብ ትሕዝትኡ ዝሓወሰ ወይ ብዝኾነ ምኽንያት ናብ ሳልሳይ ወገን ዘመሓላለፈ ወይ ዘዕነወ ወይ ክዓኑ ዝገበረ ወይ ዘጠፋፈአ ወይ ዘባኸነ እንተኾይኑ ካብ ሓሙሽተ ዓመት ክሳብ ዓሰርተ ዓመት ክበፅሕ ብዝኸእል

ዕኑዕ ማእሰርትን ካብ ዓሰርተ ሽሕ ብር ክሳብ ሓምሳ ሽሕ ብር መቕፃዕቲ ገንዘብ ተቐሚው እቲ ሃፍቲ ወይ እዋናዊ ግምት ዋግኡ ክትክእ ይግበር።

2. ዝኾነ ሰብ ብዝኾነ ኩነታት ኣብ ኢዱ ዝኣተወ ሃፍቲ ህዝብን መንግስትን ትግራይ ንባዕሉ ወይ ንሳልሳይ ወገን ኣብ ጥቕሚ ዘውዓለ ወይ ንኣገልግሎት ማሕበረ ኢኮኖሚ ወይ ስራሕቲ ፀጥታ ዝውዕል ንብረት ከብዕሕ ወይ ከዋፍር ወይ ከጓዓዝ ዝተውሃቦ ሓላፍነት ብኣግባቡ ዘይፈፀመ ወይ ዘጓተተ ወይ እቲ ንብረት ብሙሉእ ወይ ብክፋል ዝሸጠ፣ ክበላሾ ወይ ክባኽን ዝገበረ ኣብ ስራሕ ብዘለሎ ካሊእ ሕጊ ዝበለፀ ቕዕዓት ዘውህቦ እንተዘይኾይኑ ካብ ሓሙሽተ ዓመት ክሳብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ዕኑዕ ማእሰርትን ካብ ሓምሳ ሽሕ ክሳብ ሓደ ምኢቲ ሽሕ ብርን ተቐሚው ግምት ዋጋ እቲ ሃፍቲ ይኽፍል፣

3. ኣፈፃፅማ እዚ ገበን ብሸለልትነት ዝተፈፀመ እንተኾይኑ ካብ ሰለስተ ዓመት ክሳብ ሓሙሽተ ዓመት ዝበፅሕ ዕኑዕ ማእሰርቲ ተቐሚው ግምት ዋጋ እቲ ሃፍቲ ይኽፍል፣

ዓንቀፅ 20. ምሕናይ ወይ ምፍርራሕ

1. ዝኾነ ሰብ ኣብ ልዕሊ ናይ መኽተ ልኡኽ ሒዙ ዝሰርሕ ካልእ ሰብ ድንጋፀ ወይ ፍርሒ ብዝፈጥር ኩነት ከቢድ ሓደጋ ወይ ጉድኣት ዘብፀሐሉ ምኽኑ ብምግላፅ ዘፈራርሐ እንተኾይኑ ካብ ሓደ ዓመት ክሳብ ሰለስተ ዓመት ቀሊል ማእሰርትን ብር ዓሰርተ ሽሕን ይቕፃዕ፣

2. እዚ ገበን ዝተፈፀመ ብሓይሊ ወይ መሳርሒ ውግእ ብምጥቃም ወይ ብካልእ ሓደገኛ መሳርሒ ተጠቒሙ ወይ ብፀልማት ወይ ብጉጅለ ዝፈፀሞ እንተኾይኑ ካብ ሰለስተ ዓመት ክሳብ ሸውዓተ ዓመት ክበፅሕ ብዝኽእል ዕኑዕ ማእሰርትን ካብ ዒስራ ሽሕ ብር ክሳብ ሰላሳ ሽሕ ብር ዝበፅሕ ናይ ገንዘብ መቕፃዕትን ይቕፃዕ።

ዓንቀፅ 21. ብወረን ብሓሰተኛ ምልክት ሓደጋን ህዝቢ ምርዓድ

ዝኾነ ሰብ፦

1. ንድሕንነት ህዝቢ ትግራይ ወይ ንሂወት ወይ ጥዕና ወይ ንብረት ውልቀ ሰባት ዘስግእ ሓደጋ ብፍላይ ወራር፣ ቅትለት፣ ባርዕ ሓዊ፣ ጥፍኣት ወይ ሓደጋ ክትራን ከምዝበፅሕ ብምፍርራሕ፣ ኩነታት ብዛዕባ እዞም ተግባራት ወይ ብሓፈሻ ብዛዕባ ዝበፅሕ ህውከት ወይ ኣብ ቐረባ ብዛዕባ ዝበፅሕ ጉድኣት ወይ ሓደጋ ኣመልኪቱ ወረ ሓሶት ብዝተፈላለየ ሜላ ብምንዛሕ ሓሲቡ ህዝቢ ዘርዓደ እንተኾይኑ ወይ ዝተፈጠረ ወይ ዝተረጋገፀ ሓደጋ ኣብዘየለ ሓሰተኛ ዝኾነ ምልክት ሓደጋ

ብምትሕልላፍ ህዝቢ ክርዕድ ዝገበረ እንተኾይኑ ካብ ሓደ ዓመት ክሳብ ሰለስተ ዓመት ዝበፅሕ ቀሊል ማእሰርትን ሰለስተ ሽሕ ብርን ይቕፃዕ።

2. እቲ ተግባር ዝለዓለ ረብሻ ወይ ምጉስቋል ከምፅእ ዝኽእል ወይ ዘምፀአ እንተኾይኑ፣ ካብ ሰለስተ ዓመት ክሳብ ሓሙሽተ ዓመት ዝበፅሕ ፅኑዕ ማእሰርትን ካብ ዓሰርተ ሽሕ ብር ክሳብ ሰላሳ ሽሕ ብርን ይቕፃዕ።

ዓንቀፅ 22. ወረ ሓሶት ብምውራይ ንህዝቢ ምልዕዓል

1. ዝኾነ ሰብ ኣብ ልዕሊ መንግስቲ፣ ህዝቢ፣ ወይ ኣወዳድባኡም ወይ ኣካላት መንግስቲ ወይ ኣብ ስርሑም ወረ ሓሶት ብምንዛሕ ኣተሓሳስባ ህዝቢ ክናጋዕ ዝገበረ፣ ዘለዓዓለ ወይ ብዝኾነ ዓይነት ሜላ ምስእን እምነት ወይ ብምግፋሕ ስግኣት ዝፈጠረ ወይ ተግባር ሓይሊ ሃይማኖታዊ ወይ ተግባር ሓይሊ ፖለቲካዊ ወይ ዘርኢ ህውከት ዘለዓዓለ እንተኾይኑ ካብ ሓደ ዓመት ክሳብ ሰለስተ ዓመት ክበፅሕ ዝኽእል ቀሊል ማእሰርትን ሓሙሽተ ሽሕ ብርን ይቕፃዕ።
2. ኣፈፃፅማ እቲ ገበን ክቢድ ኣብ ዝኾነሉ ግዘ ካብ ሰለስተ ዓመት ክሳብ ሓሙሽተ ዓመት ፅኑዕ ማእሰርትን ካብ ዓሰርተ ሽሕ ብር ክሳብ ሳላሳ ሽሕ ብርን ይቕፃዕ።

ዓንቀፅ 23. ሓደጋ ዘይምሕባር

1. ዝኾነ ሰብ ኣብ ልዕሊ ህዝብን መንግስትን ዘንፀላለወ ሓደጋ ምህላዉ እናፈለጠ ኣብ ቀረብኡ ንዝርከብ ኣመራርሓ ወይ ኣካል ምምሕዳር ዘየፍለጠ፣ ነቲ ሓዳጋ ዝሓብአ ወይ ብውልቀ ወይ ብኽባቢ ዘድሊ ጥንቃቐን ምድላውን ዘይገበረ ወይ እቲ ሓደጋ ንኽትርፍ ትእዛዝ ተዋሂብዎ ዘይተዳለወ ወይ ነቲ ዝተውሃቦ ትእዛዝ ብዘይምኽባር ኮነ ኢሉ ዝፈፀመን እዚ ተግባር ኣብ ንብረት ህዝቢ፣ መንግስቲ ዓብዩ ሓደጋ ዘብፀሐ እንተኾይኑ ከኸም ክብደት እቲ ገበን ካብ ሰለስተ ዓመት ክሳብ ሓሙሽተ ዓመት ፅኑዕ ማእሰርቲ ወይ ካብ ሳላሳ ሽሕ ብር ክሳብ ሓደ ምኢቲ ሽሕ ብር ይቕፃዕ፣
2. እቲ ተግባር ገበን ብሸለልትነት ዝተፈፀመ እንተኾይኑ ካብ ሓደ ዓመት ክሳብ ክልተ ዓመት ክበፅሕ ዝኽእል ቀሊል ማእሰርቲ ወይ ካብ ዓሰርተ ሽሕ ብር ክሳብ ሰላሳ ሽሕ ብር መቕፃዕቲ ገንዘብ ይቕፃዕ።

ዓንቀፅ 24. ኣድማን ዓመፅን

ዝኾነ ሰብ ኮነ ኢሉ ምስ ካልኣት ሰባት ብምኳን ዝምልከቶም ኣካል መንግስቲ ንዝሃቦ ትእዛዝ ወይ መምርሒ ንዘይምፍፃም ወይ ንዝምልከቶ ሓላፊ ወይ ሕጋዊ ወይ

ምምሕዳራዊ ውሳነ ብምቅዋም ዝዓመፀ ወይ ዝኣደመ ወይ ብክፉእ ልቦና ንዓመፅን ኣድማን ዝተንቀሳቐሰ ወይ ዝተሓነየ ወይ ተግባር ሓይሊ ዝፈፀመ ወይ ንክፍፀም ዝመርሐ ወይ ዘተሓባበረ እንተኾይኑ ካብ ሰለስተ ዓመት ክሳብ ዓሰርተ ዓመት ክበፅሕ ዝኽእል ፅኑዕ ማእሰርትን ካብ ዒስራ ሽሕ ብር ክሳብ ሓምሳ ሽሕ ብርን ይቕፃዕ።

ዓንቀፅ 25. ወታደራዊ ዕጥቂ ዘይምርካብ

ዝኾነ ሰብ ብዝምልከቶ ኣካል መንግስቲ ከይተፈቐደሉ ዝኾነ ዓይነት ወታደራዊ ዕጥቂ ወይ ናውቲ ዝሓዘ ወይ ዝሓብአ ወይ ንመንግስቲ ትግራይ ዘየረከበ ወይ ወገን ከይጥቀመሉ ወይ ብዝኾነ ካልእ ምኽንያት ካብ ጥቕሚ ወፃኢ ዝገበረ እንተኾይኑ ካብ ሰለስተ ዓመት ክሳብ ሓሙሽተ ዓመት ፅኑዕ ማእሰርትን ካብ ሰላሳ ሽሕ ብር ክሳብ ሓምሳ ሽሕ ብር ተቐጢዑ እቲ ኣፅዋር ወይ ናውቲ የረክብ ወይ ካብ ጥቕሚ ወፃኢ እንተኾይኑ እዋናዊ ግምት ዋግኡ ይኽፍል።

ዓንቀፅ 26. ምጥፋእ መንግስታዊ ሰነድ

1. ዝኾነ ሰብ ኮነ ኢሉ መንግስታዊ ሰነድ ዘጥፍአ ወይ ጉድኣት ክበፅሕ ዝገበረ ወይ ዝቐደደ ወይ ኣብ ጥቕሚ ከይውዕል ዝገበረ ወይ ዝሰረዘ ወይ ዘበላሸወ እቲ ተግባር ቀሊል እንተኾይኑ ካብ ሰለስተ ዓመት ክሳብ ሸውዓተ ዓመት ዝበፅሕ ፅኑዕ ማእሰርቲ ይቕፃዕ፣
2. ኣፈፃፅማ እቲ ገበን ከቢድ እንተኾይኑ ካብ ሓሙሽተ ዓመት ክሳብ ዓሰርተ ዓመት ዝበፅሕ ፅኑዕ ማእሰርቲ ይቕፃዕ።

ዓንቀፅ 27. ምሽጥር ምብኻን፤ ብኣግባቡ ዘይምምሕላፍ

1. ዝኾነ ሰብ ኮነ ኢሉ ብዝመርሖ ወይ ሓላፍነት ብዘለዎ ኣካል ብቃል ወይ ብፅሑፍ ወይ ብምልክት ወይ ብካልእ ሜላ መተሓላለፊ መልእኽቲ ወይ ትእዛዝ ንባዕሉ ወይ ንነበርቲ ክባቢኡ ብምሽጥር ዝተመሓላላፈ ትእዛዝ ወይ ምሽጥር ንዘይግብኦ ሰብ ብምግላፅ ወይ ብምልውዋጥ ምሽጥር ዘባኽነ ወይ ብኣግባቡ ነዚ ምሽጥር ክፈልጥ ዝግብኦ ዝምልከቶ ኣካል ዘየመሓላለፈ እንተኾይኑ ካብ ሓሙሽተ ዓመት ክሳብ ዓሰርተ ዓመት ፅኑዕ ማእሰርትን ካብ ዓሰርተ ሽሕ ክሳብ ዒስራ ሽሕ ብርን ይቕፃዕ፣
2. እዚ ተግባር ብሸለልትነት ዝተፈፀመ እንተኾይኑ ካብ ሓደ ዓመት ክሳብ ሰለስተ ዓመት ቀሊል ማእሰርቲ ወይ ካብ ሰላሳ ሽሕ ብር ክሳብ ሓምሳ ሽሕ ብር ይቕፃዕ።

ዓንቀፅ 28. ፀላኢ ምሕባእ

ዝኾነ ሰብ ብዝምልከቶም ኣካላት መንግስቲ ትግራይ ወይ ሰራዊት ትግራይ ወይ ህዝባዊ ዕጡቕ ትግራይ ንከይረኽቦ ኮነ ኢሉ ኣብ ተግባር ምሕባእ ፀላኢ ወይ ፀላኢ ዝጥቀመሎም ናውቲ ዝሓብአ ወይ ንምሕባእ ዝፈተነ ወይ ንምሕባእ ዝተሓባበረ እንተኾይኑ ኣብ ስራሕ ብዘሎ ካልእ ሕጊ ዝበለፀ ቕፅዓት ዘውህብ እንተዘይኾይኑ ካብ ሓሙሽተ ዓመት ክሳብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ክበፅሕ ብዝኽእል ፅኑዕ ማእሰርትን ካብ ዒስራ ሽሕ ብር ክሳብ ሓደ ሚእቲ ሽሕ ብር ይቕፃዕ።

ዓንቀፅ 29. ኣብ ልዕሊ መሰረተ ልምዓት ዝፍፀም ገበን

1. ዝኾነ ሰብ ኮነ ኢሉ ዘይግበኦ ረብሓ ንምርካብ ወይ ንኻሊእ ሰብ ክጠቅም ወይ ጉድኣት ንምብፃሕ ብምሕሳብ ኣብ ከም መብራህቲ፣ ቴሌኮሚኒኬሽን፣ ማይ፣ መንገዲ ወይ ካሊእ መሰረተ ልምዓት ዕንወት ወይ ስርቂ ዝፈፀመ ወይ ብዝኾነ ካልእ ኣግባብ ግልጋሎት ከይህብ ዝገበረ እንተኾይኑ ካብ ዓሰርተ ዓመት ክሳብ ዒስራ ዓመት ብዝበፅሕ ፅኑዕ ማእሰርቲ ይቕፃዕ።
2. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ዝተደንገገ ተግባር ተልእኾ ፀላእቲ ንምስኻፅ ወይ ብዝተወደበ መንገዲ ዝተፈፀመ እንተኾይኑ ካብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ክሳብ ዒስራን ሓሙሽተን ዓመት ብዝበፅሕ ፅኑዕ ማእሰርቲ ይቕፃዕ፣ ኣፈፃፅማን ሳዕቤንን እዚ ገበን ከቢድ እንተኾይኑ ብዕድመ ልክዕ ማእሰርቲ ወይ ብሞት ይቕፃዕ።

ዓንቀፅ 30. ኣብ ልዕሊ ትካላት ህዝብን መንግስትን ዝፍፀም ገበን

1. ዝኾነ ሰብ ኣብ ምውሓስ ህላው፣ ድሕንነትን ልኡላውነትን ንዝፍጠር ህውከትን ዕግርግርን ተጠቒሙ ዘይግበኦ ረብሓ ንምርካብ ወይ ካሊእ ሰብ ንምጥቃም ወይ ንምጉዳእ ሓሲቡ ዋንነቶም ናይ ህዝብን መንግስትን ዝኾኑ ትካላት ወይ ናይ ውልቀን መንግስትን ዝኾኑ ንህዝባዊ ግልጋሎት ወይ ንረብሓ ህዝቢ ዝተጣየሸ ወይ ንትርፊ ዝተጣየሸ ትካላት ንብረት ዝሰረቐ ወይ ዘፍረሰ ወይ ዘዕነወ ወይ ዘቃፀለ ወይ ብዝኾነ ይኹን መንገዲ ጉድኣት ክበፅሖም ዝገበረ እንተኾይኑ ካብ ዓሰርተ ዓመት ክሳብ ዒስራ ዓመት ዝበፅሕ ፅኑዕ እስራት ክቕፃዕን ንዘብፀሖ ጉድኣት ወይ ዝረኸቦ ረብሓ ዝምጥን እዋናዊ ዋጋ ተገሚቱ ክትክኦ ወይ ብገንዘብ ክኸፍሎ ይግበር።

2. ዝኾነ ሰብ ኮነ ኢሉ ዘይግበኦ ረብሓ ንምርካብ ሓሲቡ ወይ ጉድኣት ክብፅሕ ዓሊሙ ንኢንቨስትመንት ዕላማ ዝተጣየሸ ናይ ውልቀ ፋብሪካታት፣ ካሊእ ትካል ዝሰረቐ ወይ ዘዕነወ ወይ ካሊእ ተመሳሳሊ ጉድኣት ዘብፀሐ እንተኾይኑ ካብ ሓሙሽተ ዓመት ክሳብ ዒስራ ዓመት ዝበፅሕ ፅኑዕ እስራት ክቅፃዕን ንዘብፀሖ ጉድኣት ወይ ዝረኸቦ ረብሓ ዝምጥን ዋጋ ተገሚቱ ክትከኦ ይግበር።
3. እዞም ገበናት ዝተፈፀሙ ኣፍቲ ገበን ዝተፈፀመሉ እዋንን ከባብን ንዝነበረ ውግእ ወይ እቲ ከባቢ ፀላኢ ኣብ ዝተቖፃፀረሉ ወይ መንግስቲ ትግራይ ሕጊ ንምኽባር ኣብ ዝተፀገመሉ ወይ እቲ ገበን ቡዙሕ ሰብን መሳርሕን ብምውፋር ዝተፈፀመ ወይ እዚ ገበን ኮነ ኢልካ ውልቀ ሰባት ንምጉዳእ ወይ ኣብ መንግስታውን ዘይመንግስታውን ትካላትን ዝርከቡ ሰነዳትን ንምጥፋእ ወይ ንምዕናው ብሓዊ ባርዕ ወይ ካሊእ ሜላ ዘዕነወ ወይ ዘቃፀለ እንተኾይኑ ብዕድመ ልክዕ ወይ ብሞት ይቅፃዕ።
4. እዚ ገበን ኣብ እዋን ውግእ ንጉዕዞ ሰራዊት ትግራይ ተኸቲልካ ናይ መንግስቲ ኮነ ናይ ውልቀ ትካላት ዝሰረቐ፣ ዘንዓዘ፣ ዘዕነወ ወይ ናብ ውልቁ ዝተጠቐመ ወይ ንኻሊእ ሰብ ዝሃበ ወይ ካሊእ ተመሳሳሊ ረብሓ ዘውዕለ እንተኾይኑ ካብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ክሳብ ዕስራ ዓመት ፅኑዕ ማእሰርቲ ተቐጢዑ እዋናዊ ዋጋ እቲ ንብረት ክትክእ ይግበር። ኣፈፃፅመኡ ብዝተወደበ ሓይሊ ሰብን መሳርሕን ዝተፈፀመ እንትኸውን ወይ እቲ ተግባር ገበን ዘብፀሐ ጉድኣት ወይ መጠን እቲ ዝተረኸበ ረብሓ ልዑል እንትኸውን ወይ ብዝላዓለ ናይ ምፍፃም ዓቕሚ ወይ ዕድል ዘለዎም ሰብ ሃፍቲ ወይ ኣመራርሓ ወይ ንስራሕ ምኽንያት ብዝረኸበዎ ዕድል ዝተፈፀመ እንተኾይኑ እቲ ንብረት ክምልሱ ወይ እዋናዊ ዋጋ እቲ ንብረት ክትክኡ ምግባር ከም ዘሎ ኮይኑ ክሳብ ዕድመ ልክዕ ማእሰርቲ ዝቕፃዕ ይኸውን።

ዓንቀፅ 31. ውራ መሬትን መዓድንን፣ ኣብ ልዕሊ ሃፍቲ ተፈጥሮ ጉድኣት ምብፃሕ

1. ዝኾነ ሰብ ኮነ ኢሉ ዘይግበኦ ረብሓ ንምርካብ ሓሲቡ ወይ ንካሊእ ንምጥቃም ዓሊሙ ናይ ገጠር ይኹን ከተማ መሬት ዝወረረ ወይ ነዚ ንምፍፃም ዘኽእሎ ሓሶት ሰነድ ዘዳለወ ወይ ብሓሶት ሰነድ ዝተገልገለ ወይ ተመሳሳሊ ተግባር ዝፈፀመ እንተኾይኑ ካብ ዓሰርተ ዓመት ክሳብ ዒሰራ ዓመት ዝበፅሕ ፅኑዕ ማእሰርቲ ይቕፃዕ። ኣብዚ ገበን ዝተሳተፈ ወይ ነዚ ገበን ንምፍፃም ዝተሓባበረ ወይ ነዚ

ዘመቻቸው መንግስቲ ሰራሕተኛ ወይ ኣመራርሓ ብተመሳሳሊ ዝቕፃዕ ይኸውን። እቲ ዝተወረረ መሬት ናብ መሬት ባንኪ ኣታዊ ይኸውን።

2. ዝኾነ ሰብ ኮነ ኢሉ ዘይግበኦ ረብሓ ንምርካብ ሓሲቡ ወይ ካሊእ ሰብ ንምጥቃም ኢሉ ናይ ህዝብን መንግስትን ዝኾነ ደኒ ዝለበደ ወይ ሓዊ ዘቃፀለ ወይ ተኸሊ ዝቆረፀ ወይ ፋሓም ዘፍሐመ ወይ ተመሳሳሊ ካሊእ ናይ ደኒ ብርሰት ዝፈፀመ ወይ ካብ ፈቃድ ዝምልከቶ ኣካል ወፃኢ ዘንዓንዘ ወይ ዝሸጠ ወይ ናይ ምጉዓዝ ግልጋሎት ዝሃበ እንተኾይኑ ካብ ሓሙሽተ ዓመት ክሳብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ዝበፅሕ ፅኑዕ እስራት ይቕፃዕ። በዚ ገበን ዝተታሓዘ ንብረት ይውረስን ኣብዚ ዝተረኽበ ተሸከርካሪ ካብ ብር ሳላሳ ሽሕ ክሳብ ብር ሓምሳ ሽሕ ይቕፃዕ። እቲ ዝሓዘ ናይ ደኒ ውዕኢት ብፍቓድ ዝረኽቦ ልምዓት ምኽኑ ተኸሳሲ ናይ ምርዳእ ሽክሙ ክሳብ ዘይተዋፀኦ ናይ መንግስትን ካብ ፍቓድ ወፃእን ከምዝተረኽበ ይሕሰብ።

3. ዝኾነ ሰብ ኮነ ኢሉ ናይ ማመዓድን ፍቓድ ዘይሓዘ ወይ ካብ ዝተፈቐደ ቦታ ወፃኢ ዝዓደነ ወይ ዘይተፈቐደ መዐደኒ መሳርሒ ዝተጠቐመ ወይ ዝበኸለ ወይ ሃፍቲ ተፈጥሮ ዘብረሰ ወይ ካብ ብሕጊ ዝተፈቐደሉ ወፃኢ መዓድን ዘዘዋወረ ወይ ከዚኑ ዝተረኽበ ወይ ብሕጊ ዝተኸልከለ ኬሚካል ዝተጠቐመ ወይ ኬሚካል ዝኸዘነ ወይ ኬሚካል ዝሸጠ ወይ ኬሚካል ዘከፋፈለ እንተኾኑ ካብ ዓሰርተ ዓመት ክሳብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ዝበፅሕ ፅኑዕ ማእሰርቲ ተቐጢዑ ኣብዚ ዝተረኽበ ማዕድን ይውረስ ወይ እዋናዊ ግምታዊ ዋግኡ ክኸፍል ይግበር። ኣፈፃፅማ ገበኑ ከቢድ እንተኾይኑ ካብ ዒስራ ዓመት ክሳብ ዒስራን ሓሙሽተን ዓመት ፅኑዕ ማእሰርቲ ይቕፃዕ። ኣብዚ ዘይሕጋዊ ተግባር ዝተረኽበ ማሽነርታትን ካሊእ መሳርሕን ይውረስ።

4. ንካሊእ ዕላማ ተባሂሉ ዝተፈቐደ ሕጋዊ ሰብነት ዘለዎ ትካል ኢንቨትመንት ንመሳርሒ ዕደና መፈፀሚ ዘውዓለ እንተኾይኑ ብመሰረት እዚ ኣዋጅ ዓንቀፅ 69 ዝቕፃዕ ኮይኑ ፍቓድ ኢንቨስትመንቱ ክስረዝ ይግበር።

5. ቤት ምኽሪ ፈፃሚ ስራሕ ዝርዝር ኣፈፃፅማ ምሕደራ፣ ስርዓት ቁፅፅርን ክፍሊትን ስራሕቲ መዓድን ዝምልከት ደንቢ የውፅእ።

ዓንቀፅ 32. ሃረፃ

1. ዝኾነ ሰብ ዘይግበኦ ረብሓ ንምርካብ ብምሕሳብ ብሹም ዕቁብ ወይ ብውህብቶ ወይ ብሽም ብልቓሕ ወይ ብሓደራ ወይ ብዕርቡን ወይ ብመትሓኛ ወይ ብውዕሊ ግቡእ

ብምእታው ወይ ብመሸጣ ወይ ሕጋዊ ኣምሲልካ ወይ ካብ ሓደ ሒሳብ ባንኪ ናብ ካሊእ ሒሳብ ባንኪ ገንዘብ ብምትሕልላፍ ወይ ካብ ወፃኢ ዓዲ ዝተለኣኸ ገንዘብ ኣብ ትካላት ፋይናንስ ካብ ዝሸረፍ መጠን ሽርፊ ንታሕቲ ብር ብምሃብ ትርፊ ወይ ከስቢ ንምርካብ ወይ ብካልኢ ዝኾነ ዓይነት ሜላ ተጠቒሙ ኣብ ተግባር ሃረፃ ዝተዋፈረ ወይ ብሕጊ ከይተፈቀደሉ ስራሕ ትካል ፋይናንስ ዝሰርሐ እንተኾይኑ ንሃረፃ ዘዋፈሮ ገንዘብ ምውራስ ከምዘለዎ ኮይኑ ካብ ሓሙሽተ ዓመት ክሳብ ዒስራ ዓመት ክበፅሕ ብዝኽእል ፅኑዕ ማእሰርትን ካብ ክልተ ሚኢቲ ሽሕ ብር ክሳብ ሓሙሽተ ሚኢቲ ሽሕ ብር መቕፃዕቲ ገንዘብ ይቕፃዕ፤

2. ኣብ መንነ መሀረፅን ተሃራፅን መራኸቢ ኮይኑ ኣብ ስራሕቲ ድለላ ዝተዋፈረ ዝኾነ ሰብ ካብ ሓሙሽተ ዓመት ክሳብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ክበፅሕ ብዝኽእል ፅኑዕ ማእሰርትን ካብ ሓምሳ ሽሕ ብር ክሳብ ሓደ ሚኢቲ ሽሕ ብር መቕፃዕቲ ገንዘብ ይቕፃዕ፤

3. ዝኾነ ሰራሕተኛ ወይ ሓላፊ ትካል ፋይናንስ ሕጋዊ ብምምሳል ንዘይተመሓላለፈ መጠን ገንዘብ ከም ዝተሓላለፈ ገይሩ ሓሶት ሰነድ ብምስራሕ ካብ ሓደ ቁፅሪ ሒሳብ ናብ ካሊእ ቁፅሪ ሒሳብ ባንኪ ገንዘብ ከምዝተሓላለፈ ኣምሲሉ መረዳእታ ሓሶት ዝሰርሐ ወይ ንምስራሕ ዝፈተነ ወይ መረዳእታ ሓሶት ዝሃበ ወይ ንምሃብ ዝፈተነ እንተኾይኑ ካብ ዓሰርተ ዓመት ክሳብ ዒስራን ሓሙሽተን ዓመት ክበፅሕ ብዝኽእል ፅኑዕ ማእሰርትን ካብ ሓደ ሚኢቲ ሽሕ ብር ክሳብ ክልተ ሚኢቲ ሽሕ ብር መቕፃዕቲ ገንዘብ ይቕፃዕ፤

ዓንቀፅ 33. ሸቐጣት ምኽዛን፤ ስርዓት ፅዳጋ ምዝባፅ

1. ዝኾነ ሰብ ንግዲ ፍቓድ ይሃልዎ ኣይሃልዎ ኮነ ኢሉ ህዝቢ ኣብ ዝጥቀመሎም መሰረታዊ ሃልኪታት ዘይግባእ ረብሓ ንምርካብ ሓሲቡ ናህሪ ዋጋ ንኽፍጠር ዝገብር ንግዲ ኣብ ዘካይደሉ ቦታ ወይ ካብኡ ወፃኢ ኣብ ዝኾነ ቦታ መጠን ዝኸዘኖን ዝኸዘነሉ ጊዜን ብዘየገድስ ዝኸዘነ ወይ ዝሓብአ፣ ንምኽዛን ወይ ንምሕባእ ዝፈተነ ወይ ዘይግቡእ ዋጋ ዝወሰኸ እንተኾይኑ፣ ወይ

2. ንግልጋሎት ሕርሻ ዝውዕል መዳበርያ ካብ ትግራይ ናብ ካልእ ክባቢ ክወፅእ ዝገበረ ወይ ናህሪ ዋጋ ንምፍጣር ዝኸዘነ ወይ ዝሓበአ፣ ዘዘዋወረ ካብ ዝተፈቐደ ዋጋ ንላዕሊ ዝሸጠ እንተኾይኑ፣

ኣብ ካሊእ ሕጊ ዝበለፀ ዘቕፅፅ እንተዘይኾይኑ ካብ ሓሙሽተ ዓመት ክሳብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ፅኑዕ ማእሰርትን ካብ ሓደ ሚኢትን ሓምሳን ሽሕ ብር ክሳብ ሓሙሽተ ሚኢቲ ሽሕ ብርን ይቕፃዕ።

ዓንቀፅ 34. ምሕባእ መድሓኒት

ዝኾነ ሰብ ሕጋዊ ንግዲ ፍቓድ ይሃልዎ ኣይሃልዎ ህዝቢ ትግራይ ኣብ ዝጥቀመሎም ዓይነታት መድሓኒት ሕፅረት ንኽፍጠርን ዘይግቡእ ዋጋ ብምውሳኽ ዘይግቡእ ረብሓ ንምርካብ ሓሲቡ መድሓኒት ኣብ ዝኾነ ቦታ ዝኸዘነ ወይ ዝሓበአ ወይ ንምኽዛን ወይ ንምሕላእ ዝፈተነ ወይ ዝኸዘነ ወይ ክሕላእ ዝገበረ ወይ ዘይግቡእ ዝተጋነነ ዋጋ ዝወሰኸ ዝውሰድ ምምሕዳራዊ ስጉምቲ ከምዘሎ ኮይኑ ኣብ ስራሕ ብዘሎ ካሊእ ሕጊ ዝበለፀ ቕፅዓት ዘውህብ እንተዘይኮይኑ ካብ ሓሙሽተ ዓመት ክሳብ ዓሰርተ ዓመት ክበፅሕ ብዝኽእል ፅኑዕ ማእሰርትን ካብ ሓደ ሚኢቲ ክሳብ ሰለስተ ሚኢቲ ሽሕ ብር መቕፃዕቲ ገንዘብ ይቕፃዕ።

ዓንቀፅ 35. ኣፅዋር ኣብ ኢድ ፀላኢ ክወድቕ ምግባር

ዝኾነ ሰብ ካብ ዓቕሙ ንላዕሊ ዝኾነ መገደዲ ምኽንያት እንተይሃለዎ ወይ ግቡእ ፃዕርን ጥንቃቐን ከይገበረ፦

1. ዝኾነ ዓይነት ኣፅዋር ውግእ ንፀላኢ ዘረክበ ወይ ኣሕሊፉ ዝሃበ ወይ ብዝኾነ ምኽንያት ካብ ኣገልግሎት ወፃኢ ዝገበረ ወይ ፀላኢ ክጥቀመሉ ብምባል ዝገደፈ ወይ ንባዕሉ ኣረኪቡ ንኻልእ ንኽርክብ ዘለዓዓለ፣ ዘደፋፈረ ወይ ዘፈራረሐ ወይ ፅዕንቶ ዝፈጠረ እንተኾይኑ ኣብ ስራሕ ብዘሎ ሕጊ ዝበለፀ ቕፅዓት ዘውህብ እንተዘይኾይኑ ካብ ዓሰርተ ዓመት ክሳብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ፅኑዕ ማእሰርትን ካብ ስለሳ ሽሕ ብር ክሳብ ሓምሳ ሽሕ ብርን ይቕፃዕ፣
2. እቲ ገበን ብሸለልትነት ዝተፈፀመ እንተኾይኑ ካብ ሰለስተ ዓመት ክሳብ ሓሙሽተ ዓመት ፅኑዕ ማእሰርቲ ወይ ካብ ዒስራ ሽሕ ብር ክሳብ ሰላሳ ሽሕ ብር ይቕፃዕ፣
3. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ (1)ን (2)ን ዝተደንገገ ሕሉው ኮይኑ ፈፃሚ ገበን ግምት ዋጋ እቲ ኣፅዋር ውግእ ክኸፍል ይግበር፣
4. ድንጋገ እዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ክሳብ 4 ዝተገለፀ እንተሃ።

ዓንቀፅ 36. ኣብ ልዕሊ ሕገ መንግስትን ሕገ መንግስታዊ ስርዓትን ትግራይ ዝፍፀም ገበን

ዝኾነ ሰብ ዜግነቱ፣ ዝመፀሉ ከባቢን እቲ ገበን ዝተፈፀመሉ ቦታ ብዘየገድስ፦

1. ብሓይሊ ወይ ብዓመፅ ወይ ብምፍርራሕ ወይ ሕጋዊ ብዘይኾነ መንገዲ ሓሲቡ ብሕገ መንግስቲ ትግራይን ካልኦት ሕግታት ትግራይን ዝተጣየሸ ስርዓት ዘፍረሰ ወይ ንምፍራስ ዝፈተነ ወይ ዝለወጠ ወይ ዝኣገደ ወይ ብሕጋዊ መንግስቲ ትግራይ ዝወፁ ሕግታት ሕጋዊ ብዘይኮነን ስልጣን ከይሃለዎ ክሰዓር ዝገበረ ወይ ዝለወጠ ወይ ምስ ፀላኢ ብምትሕብባር ሕገ-መንግስታዊ ስርዓት ትግራይ ክፈርስ ዝሰረሐ ወይ ንምስራሕ ዝፈተነ እንተኾይኑ ብኻልእ ኣብ ስራሕ ዘሎ ሕጊ ዝበለፀ ቅፅዓት ዘውህብ እንተዘይኾይኑ ካብ ዓሰርተ ዓመት ክሳብ ዒስራን ሓሙሽተን ዓመት ፅኑዕ ማእሰርቲ ይቕፃዕ፣
2. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ (1) ብዝተገለፀ ገበን ፍፃመ ኣብ ልዕሊ ሰላምን ድሕንነትን ህዝቢ ዝለዓለ ምንጋዕ ዝበፅሐ እንተኾይኑ ብዕድመ ልክዕ ፅኑዕ ማእሰርቲ ወይ ብሞት ይቕፃዕ፣
3. ኣብ ፍፃመ እዚ ገበን ዝተሳተፈ ወይ ዝተሓባበረ ወይ ዋና ገበን ፈፃሚ ኮይኑ ዝተረኸበ ሕጋዊ ሰብነት ዘለዎ ኣካል ኣብዚ ኣዋጅ ኣብ ዓንቀፅ 69 ብዝተደንገገ መሰረት ይቕፃዕ።።

ዓንቀፅ 37. ንተግባራዊነት ሕገ መንግስታዊ ስልጣን ትግራይ ምትዕንቃፍ

ዝኾነ ሰብ ዜግነቱ ወይ ዝመፀሉ ክባቢ ወይ እቲ ገበን ዝፈፀመሉ ቦታ ብዘየገድስ ብተግባር ሓይሊ ወይ ብምፍርራሕ ወይ ካብ ሕጊ ወፃኢ ብዝኾነ ብኻልእ ብዝኾነ መንገዲ ብሕገ መንግስትን ካልኦት ሕግታትን ትግራይ ስልጣን ዝተውሃቦ ኣካል ወይ በዓል መዚ ስርሑ ከይፍፅም ዘዐንቀፈ ወይ ዝኸልከለ ወይ ኣገዲዱ ውሳነ ክህብ ዝገበረ ወይ ዝፈተነ እንተኾይኑ ኣብ ስራሕ ብዘሎ ሕጊ ዝበለፀ ዘቕፅዕ እንተዘይኾይኑ ካብ ሓሙሽተ ዓመት ክሳብ ዒስራ ዓመት ፅኑዕ ማእሰርቲ ይቕፃዕ።።

ዓንቀፅ 38. ኣብ ልዕሊ ህዝቢ፣ መንግስትን ሰብ መዝን ትግራይ ንውግእ ምልዕዓል

1. ዝኾነ ሰብ ዜግነቱን ዝመፀሉ ክባብን እቲ ገበን ዝፈፀመሉ ቦታ ብዘየገድስ ኮነ ኢሉ ብሕገ መንግስትን ሕገ መንግስታዊ ስርዓትን ትግራይ ወይ ብኻልኦት ሕግታት ኣብ ልዕሊ ዝተጣየሸ ኣካላት ወይ ሰብ መዚ ወይ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ወይ ሰራዊት ትግራይ ዕጡቕ ሓይሊ ብምውዳብ ወይ ብምምራሕ ውግእ ክካየድ ዝገበረ ወይ ንምክያድ ዝፈተነ ወይ ኣብዚ ተግባር ብናይ ባዕሉ ፍቓድ ዝተኻፈለ እንተኾይኑ ኣብ ስራሕ ብዘሎ ሕጊ ዝበለፀ ዘቕፅዕ እንተዘይኾይኑ ካብ ዓሰርተ ዓመት ክሳብ ዒስራ ዓመት ፅኑዕ ማእሰርቲ ይቕፃዕ፣

2. እቲ ዝተፈፀመ ተግባር ገበን ኣብ ልዕሊ ሰላምን ድሕንነትን ህዝቢ ትግራይ ዝለዓለ ምንጋዕ ወይ ሞት ወይ ጉድኣት ኣካል ሰብ ዘስዓበ እንተኾይኑ ብዕድመ ልክዕ ፅኑዕ ማእሰርቲ ወይ ብሞት ይቕፃዕ።

ዓንቀፅ 39. ኣብ ልዕሊ ልኡላውነት ፖለቲካ ወይ ግዝኣታዊ ሓድነት ትግራይ ዝፍፀም ገበን

1. ዝኾነ ሰብ ዜግነቱ ወይ ዝመፀሉ ክባቢ ወይ እቲ ገበን ዝፈፀመሉ ቦታ ብዘየገድስ ብሓይሊ ወይ ብዝኾነ ካልእ ሜላ ሕገ መንግስቲ ትግራይ ብዝፃረር መንገዲ፣ ብቑጥታ ወይ ብተዘዋዋሪ፣ ሓድነት ህዝቢ ትግራይ ንኽፈርስ ወይ መንግስቲ ትግራይ ንኽፈርስ ወይ ግዝኣታዊ ሓድነት ወይ ሓድነት ህዝቢ ትግራይ ንኽከፋፈል ወይ ኣብ መንነ ህዝብታት ምክፍፋል ንክፍጠር ዝገብር ተግባር ዝፈፀመ እንተኾይኑ ወይ ኣብ መንነ ህዝብታት ናይ ፅልኣትን ምክፍፋልን ዘስዕቡ ናይ ስራሕቲ ፕሮፖጋንዳ ወይ ካሊእ ተግባር ዝፈፀመ እነተኾይኑ ካብ ዓሰርተ ዓመት ክሳብ ዒስራን ሓሙሽተን ዓመት ፅኑዕ ማእሰርቲ ወይ ኣፈፃፅማ እቲ ገበን ከቢድ ኣብ ዝኾነሉ እዋን ብዕድመ ልክዕ ማእሰርቲ ወይ ብሞት ይቕፃዕ፣
2. ልኡላውነት ትግራይ ኣብ ሓደጋ ክወድቕ ንመንግስቲ ወፃኢ ወይ ንዝኾነ ፀላኢ ሓይሊ ኢዱ ንኽእቱ ዝደፋፈአ ወይ ዝዓደመ ወይ ዘመቻቸወ ብመንግስቲ ወፃኢ ወይ ብዝኾነ ፀላኢ ሓይሊ ተግባር ፅልኣት ኣብ ልዕሊ ትግራይ ክፍፀም ወይ ትግራይ ምስ መንግስቲ ወፃኢ ወይ ምስ ዝኾነ ፀላኢ ሓይሊ ክትዋጋእ ወይ ተግባር ፅልኣት ንክፍፀማ ወይ ብፀላእቲ ክትክበብ ወይ ንኽትትሓዝ ብምሕሳብ ዝኾነ ተግባር ዝፈፀመ እንተኾይኑ ካብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ክሳብ ዒስራን ሓሙሽተን ዓመት ፅኑዕ ማእሰርቲ፣ ኣፈፃፅማ እቲ ገበን ከቢድ ኣብ ዝኾነሉ እዋን ብዕድመ ልክዕ ማእሰርቲ ወይ ብሞት ይቕፃዕ።

ዓንቀፅ 40. ሓድነት ፖለቲካን ግዝኣትን ትግራይ ብምትንካፍ ዝፍፀም ገበን

ዝኾነ ሰብ ዜግነቱ፣ ዝመፀሉ ክባቢ፣ ገበን ዝፈፀመሉ ቦታ ብዘየገድስ ብሓይሊ ወይ ብኻሊእ ብዝኾነ ንሕገ-መንግስቲ ትግራይ ተፃራሪ ብዝኾነ መንገዲ ሓድነት ህዝቢ ትግራይ ንኽፈርስ ወይ ልኣላዊ ሕገ-መንግስታዊ ግዝኣት ትግራይ ክከፋፈል ወይ ኣብ ልኣላዊ ግዝኣት ትግራይ ወይ ውሱን ህዝቢ ካብ ትግራይ ንኽንፀል ዘግብር ተግባር ዝፈፀመ ወይ ካብ ትግራይ ናብ ካልእ ክፈልስ ወይ ክኽብልል ዝገበረ ወይ ዘለዓዓለ እንተኾይኑ ካብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ክሳብ ዒስራን ሓሙሽተን ዓመት ክበፅሕ ዝኽእል ፅኑዕ

ማእሰርቲ፣ ወይ ኣፈፃፅማ እቲ ገበን ክቢድ ኣብ ዝኾነሉ ጊዜ ብዕድመ ልክዕ ማእሰርቲ ወይ ብሞት ይቕፃዕ።

ዓንቀፅ 41. ዝለዓለ ገበን ክድዓት

1. ዝኾነ ሰብ ህልውናን ደሕንነትን ወይ ረብሓ ህዝብን መንግስትን ትግራይ ብምኽሓድ ወይ ንፀላኢ ኣሕሊፉ ክህብ ዓሊሙ ዝኾነ ምሽጢራዊ ሰነድ፣ ኩነታት መንግስትን ሰራዊትን ትግራይ ንፀላኢ ዘቕበለ እንተኾይኑ ኣብ ስራሕ ብዘሎ ሕጊ ዝበለፀ ቕዕዓት ዘውህብ እንተዘይኾይኑ ካብ ዓሰርተ ዓመት ክሳብ ዒስራን ሓሙሽተን ዓመት ፅኑዕ ማእሰርቲ ይቕፃዕ፣
2. ህላወን ድሕንነትን ህዝቢ ትግራይ ንምውሓስ ኣብ ዝግበር ብሄራዊ መኽተ ዝተማረኹ ወይ ኣብ ቁፅፅር ዝዋዓሉ ወታደረዊ ኣፅዋራትን ንብረታትን ወይ ካሊእ ተመሳሳሊ ትሕዝቶ ዘለዎም ንናይ ሕጊ ታሓታትነት መረዳእታ ወይ ብናይ ታሪኽ ቅርስነት ወይ ንኻሊእ ብሄራዊ ረብሓ ብመረዳእታ ዘገልግሉ ወይ ዝጠቕሙ ዝወረረ ወይ ንኻሊእ ዝሃበ ወይ ዘፅነወ ወይ ንኽሸየጡ ወይ ክጎንዓዙ ወይ ብዝኾነ ኣካል ንኽውሰዱ ወይ ብዘይኣግባብ ካብ ዝነበርዎ ቦታ ክላዓሉ ዝገበረ እንተኾይኑ ካብ ዓሰርት ዓመት ክሳብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ዝበፅሕ ፅኑዕ ማእሰርቲ ይቕፃዕ። እዞም ገበናት ዝተፈፀሙ ብዝተወደበ መንገዲ ብመልክዕ መሸጣ ወይ ፈቓድ ወይ ተመሳሳሊ ሜላ ኣብ ኢድ ፀላኢ ክወድቁ ወይ ኣሰሮም ክጠፍእ ወይ ብፀላኢ ክውሰድ ዝገበረ እንተኾይኑ ካብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ክሳብ ዒስራን ሓሙሽተን ዓመት ፅኑዕ ማእሰርቲ ኣፈፃፅሙኡ ክቢድ እንትኸውን ድማ ክሳብ ዕድመ ልክዕ ፅኑዕ ማእሰርቲ ይቕፃዕ።
3. ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ገበን ኩናት ወይ ጀኖሳይድ ወይ ገበን ኣንፃር ሰብኣውነት ፈፂሞም ኣብ ትሕቲ ቁፅፅር መንግስቲ ዝዋዓለ ናብ ፀላኢ ኣሕሊፉ ዝሃበ ወይ ብዝኾነ መንገዲ ክምልጡ ዝገበረ ወይ ነዚ ክውዕል ዝክእል መረዳእታ ክጠፍእ ወይ ክበላሸ ወይ ናብ ፀላኢ ኣሕሊፉ ዝሃበ እንተኾይኑ ብዕድመ ልክዕ ፅኑዕ ማእሰርቲ ይቕፃዕ።
4. ዝኾነ ሰብ ንባዕሉ ወይ ንካሊእ ንምጥቃም ዓሊሙ ናይ ህዝብን መንግስትን ወይ ሰራዊት ትግራይ ዝኾነ ንብረት ወይ ገንዘብ ንፀላኢ ኣሕሊፉ ዝሃበ ወይ ንባዕሉ ዝተጠቐመ ወይ ንኽሊእ ሰብ ኣሕሊፉ ዝሃበ እንተኾይኑ ካብ ዓሰርተ ሓሙሽተ

ዓመት ፅኑዕ ማእሰርቲ ክሳብ ዒስራ ሓሙሽተን ብዝበፅሕ ፅኑዕ ማእሰርቲ ይቕፃዕ። ዝተወሰደ ንብረት ይምልስ ወይ እዋናዊ ግምት ዋጋ ክኸፍል ይግበር።

ዓንቀፅ 42. ክድዓት

1. ዝኾነ ሰብ ረብሓን ጥቕምን ህዝብን መንግስትን ትግራይ ንከይሕሎ ምሽጥር ወይ ሰነድ መንግስቲ ወይ ሰራዊት ትግራይ ወይ ጉዳይ ምልእኻኽ ወይ ምሽጥራዊ ውሳነ መንግስቲ ትግራይ ብዘይኣግባብ ንህዝቢ ዝገለፀ ወይ ንወፃኢ ዓዲ መንግስቲ፣ ካልእ ትካል ወይ ወኪል ዝገለፀ ወይ ኣሕሊፉ ዝሃበ ወይ ዘመሓላለፈ፣ ወይ ብግልፂ ክዝረብ ዝገበረ፣ ወይ
2. ደሕንነት ወይ ልኡላውነት ወይ መሰረታዊ ጥቕምታት ትግራይ ዝጥምቱ ሰነዳት ወይ ፅሑፋት ወይ መረዳእታታት ዘበላሸወ ወይ ዘጥፍአ ወይ ዝሓብአ ወይ ክጠፍእ ዝገበረ ወይ ናብ ሓሶት ዝለወጠ እንተኾይኑ ኣብ ስራሕ ብዘሎ ሕጊ ዝበለፀ ቕፅዓት ዘውህብ እንተዘይኾይኑ ካብ ዓሰርተ ዓመት ክሳብ ዒስራ ዓመት ፅኑዕ ማእሰርቲ ይቕፃዕ፣
3. እቲ ዝተፈፀመ ተግባር ህልውናን ደሕንነትን ትግራይ ወይ ልኡላውነት ትግራይ ብቐጥታ ኣብ ሓደጋ ዘውድቕ እንተኾይኑ ካብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ክሳብ ዒስራን ሓሙሽተን ዓመት ፅኑዕ ማእሰርቲ ይቕፃዕ፣
4. ኣብ ፍፃመ እዚ ገበን ዝተሳተፈ ወይ ዝተሓባበረ ወይ ዋና ገበን ፈፃሚነት ዝተረኽበ ሕጋዊ ሰብነት ዘለዎ ኣካል ኣብዚ ኣዋጅ ኣብ ዓንቀፅ 69 ብዝተደንገገ መሰረት ይቕፃዕ።።

ዓንቀፅ 43. ክድዓት ኢኮኖሚ

ዝኾነ ሰብ ኮነ ኢሉ ረብሓ ህዝብን መንግስትን ትግራይ ኣብ ሓደጋ ከውድቕ ሓሲቡ፦

1. ንትግራይ ወይ ሰራዊት ትግራይ ጥቕሚ ክበሃል ብምሽጥር ዝሕሎ ኢኮኖሚያዊ ትሕዝቶ ዘለዎ ርክብ ምልእኻኽ፣ ውሳነ፣ ዝተፈፀመ ተግባር ወይ ሚሽጥራዊ ሰነድ ብዘይኣግባብ ንዝኾነ ፀላኢ ሓይሊ ወይ ንህዝቢ ወይ ዜጋ ወፃኢ ዓዲ ዝኾነ ሰብ ዝገለፀ፣ ኣሕሊፉ ዝሃበ፣ ወይ
2. ክሕልዎም ወይ ክዕቅቦም ብሓላፍነት ዝተውሃብዎ ሃፍቲ ፣ ናውቲ፣ መሳርሕታት ወይ ነዚኦም ዝኣመሰሉ ካልኦት ነገራት ዝገለፀ ወይ ኣሕሊፉ ዝሃበ፣ ወይ
3. ምስ ትግራይ ውግእ ዝገብር ፀላኢ ዕላምኡ ንምውዓት ኣብ ዝፀወየ ሓገዝ ልቓሕ ዝተሳተፈ ወይ ገንዘብ ዝሃበ ወይ ዝኸፈለ ወይ ካልእ ሰብ ንኽሕግዝ ወይ

ንኽኽፍል ዘለዓለ ወይ ነቲ ልቓሕ ዝውዕል ገንዘብ ወይ ንብረት ዘዋፀአ ወይ ክዋዕእ ዝገበረ እንተኾይኑ ኣብ ስራሕ ብዘለሎ ሕጊ ዝበለፀ ቕዕዓት ዘውህብ እንተዘይኾይኑ ካብ ሓሙሽተ ዓመት ክሳብ ዓሰርተ ዓመት ዕኑዕ ማእሰርቲ ይቕፃዕ፣

4. ኣብዚ ዓንቀፅ ካብ ንኡስ ዓንቀፅ (1) ክሳብ ንኡስ ዓንቀፅ (3) ብዝተገለፀ ተግባር ገበን ኣገባብ ኣፈፃፅማኡ ወይ ዝበፅሐ ጉድኣት ወይ ዝተረኽበ ጥቕሚ ከቢድ እንተኾይኑ ካብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ክሳብ ዒስራን ሓሙሽተን ዓመት ዕኑዕ ማእሰርቲ ይቕፃዕ፣

ዓንቀፅ 44. ምስ ፀላኢ ምትሕብባር

ዝኾነ ሰብ ዜግነቱ ወይ ዝመፀሉ ክባቢ ወይ እቲ ገበን ዝፈፀመሉ ቦታ ብዘየገድስ ህዝብን መንግስትን ትግራይ ኣብ ብሄራዊ መኽተ ብፍላይ ኣብ ውግእ ወይ ኩናት ኣብ ዘለውሉ ጊዜ ወይ ላኣላዊ ሕገ-መንግስታዊ ግዝኣት ብፀላኢ ኣብ ዝተወረረሉ እዋን ዕላማ ፀላኢ ንኽሳኻዕ ብምሕሳብ ብምምኻር ወይ ብምምራሕ ወይ ብምውፋር ወይ ብምምልማል ኮነ ብተግባር ንፀላኢ ዝደገፈ እንተኾይኑ፣ ብፍላይ፦

1. ኮነ ኢሉ ዕላማ ፀላኢ ንምዕዋት ኣብ ሲቪላውን ወታደራውን ካልኦት መንግስታዊ ኮነ ናይ ህዝቢ ትካላት ስራሕ ተዋፊሩ ንፀላኢ ዘማኽረ ወይ ዝደገፈ ወይ ብሓላፍነት ዝመርሐ ወይ ኣብ ናይ ህዝብን መንግስትን ትካላት እናሰርሐ ግልጋሎት ህዝቢ ዘተዓናቐፈ እንተኾይኑ፣ ወይ
2. ካብ ሓደጋ ፀላኢ ከምልጡ ዝደልዩ ኣባላት ሰራዊት ትግራይ ወይ ምልሻ ትግራይ ወይ ሰብ መዝን ፖለቲካዊ ኣመራርሓን ትግራይ ወይ ተፈናቒልቲ ወይ ኣብ ጎኒ ህዝቢ ትግራይ ተሰሊፎም ዝቃለሱ ደገፍቲ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ ወይ ካልኦት ኣባላት ማሕበረሰብ ትግራይ ወይ ቁስላት ንፀላኢ ዘቃልዐ ወይ ኣሕሊፉ ዝሃበ ወይ ምሽጢር ፀላኢ ንኽይቃላዕ ዝሓበአ ወይ ንዝምልከቶ ኣካል መንግስቲ ትግራይ ሓበሬታ ዘይሃበ እንተኾይኑ፣ ወይ
3. ንፀላኢ መሪሑ ንዝኾነ ሰብ ዘቕተለ ወይ ገዛን ንብረትን ኣባላት ሰራዊት ትግራይ ወይ ህዝባዊ ዕጡቕ ትግራይ ወይ ሰብ መዝን ፖለቲካዊ ኣመራርሓን ትግራይ ወይ ሃፍቲ መንግስትን ሰራዊትን ትግራይ ዝኾነ ዓይነት ንብረት ንፀላኢ ብምምራሕ ክቃፀል ወይ ክዓኑ ወይ ክውረስ ወይ ብፀላኢ ክውሰድ ዝገበረ ወይ ባዕሉ ዝዘረፈ ወይ ክዝረፍ ዝገበረ ወይ ቤተሰብ ሰራዊት ትግራይ ወይ ምልሻ

ትግራይ ወይ ሰብ መዝን ፖለቲካዊ ኣመራርሓን ትግራይ እዮም ብምባል ንፀላኢ ሓበሬታ ብምሃብ ክእሰሩ ወይ ክግረፉ ወይ ክንገላትዑ ወይ ክሞውዩ ዝገበረ ወይ ፀላኢ ኣብ ልዕሊ ደቂ ኣንስትዮ ገበን ኣገዲድካ ምድፋር ንኽፍዕም ኩነታት ዘመቻቸወ እንተኾይኑ ወይ ፀላኢ ብሰራዊት ትግራይ ንኽይጥቃዕ ንፀላኢ ሓበሬታ ዝሃበ ወይ መንግዲ ዝሓበረ ወይ ፀላኢ ንኽይጥቃዕ ኣሰላልፉ ሰራዊት ትግራይ ንፀላኢ መረዳእታ ዝሃበ ወይ ሰራዊት ትግራይ ብፀላኢ ንኽጥቃዕ ዝገበረ ወይ ንሰራዊት ትግራይ ዝተዛበዐ ሓበሬታ ኣወፋፍራ ፀላኢ ዝሃበ ወይ ዕጥቂ ንፀላኢ ንኽረክብ ኣብ ዝኾነ ቦታን ጊዜን ብዝኾነ ዓይነት ሜላ ተጠቒሙ ዘለዓዓለ፣ ወይ

4. ዕላማ ፀላኢ ኣብ ዘዐውት ወይ ረብሓ ወራሪ ሓይሊ ኣብ ዘሰጉም ስራሕ ፕሮፓጋንዳ ወይ ዝተፈላለየ ሚድያ ወይ መራኸቢ ሓፋሽ ዝተሳተፈ፣ ወይ
5. ብቑጥታ ወይ ብተዘዋዋሪ ኣብ መዳይ ኢኮኖሚ ምስ ፀላኢ ሓቢሩ ዝሰርሐ ብፍላይ፣ ንፀላኢ ብገንዘብ ኮነ ብዓይነት ዘዋየአን ክዋፃእ ዘተሓባበረን፣ ናይ ትራንስፖርት ግልጋሎት ወይ ብካሊእ ዝኾነ ዓይነት ሜላ ዝሓገዘ እንተኾይኑ፣

ኣብ ስራሕ ብዘለው ካልኦት ሕግታት ዝበለፀ ቅፅዓት ዘውህብ እንተዘይኾይኑ ካብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ክሳብ ዒስራን ሓሙሽተን ዓመት ፅኑዕ ማእሰርትን ካብ ሓምሳ ሽሕ ብር ክሳብ ሓደ ሚኢትን ሓምሳን ሽሕ ብር መቕፃዕቲ ገንዘብ፣ ወይ ኣፈፃፅምኡ ከቢድ እንተኾይኑ ብዕድመ ልክዕ ፅኑዕ ማእሰርቲ ወይ ብሞት ይቕፃዕ።

ዓንቀፅ 45. ስለላ

1. ዝኾነ ሰብ ዜግነቱ ወይ ዝመፀሉ ክባቢ ወይ እቲ ገበን ዝፈፀመሉ ቦታ ብዘየገድስ ንፀላኢ መንግስቲ ወይ ዝኾነ ውዳበ ወይ ሓይሊ ወይ ንዝኾነ ፀላኢ ህዝብን መንግስትን ትግራይ ወይ ዝኾነ ትካል ጥቕሚ ክበሃል ኣብ ትግራይ፣ ኣብ ትካላት ትግራይ፣ ብሕጋዊ መንገዲ ዝንቀሳቐስ ውዳበ ትግራይ ወይ ኣብ ተጋሩ ጉድኣት ብዘብፅሕ፦

ሀ. ኣብ ስራሕ ፖለቲካ፣ ዲፕሎማሲ፣ ወታደራዊ ወይ ስራሕ ኣገልግሎት ስለላ ኢኮኖሚ ዝወደበ፣ ዝመርሐ፣ ኣብዚ ስራሕ ዝተሳተፈ፣ ወይ ብዝተፈላለየ ሜላ ዝደገፈ ወይ ነዚ ኣገልግሎት ዕላማ ንካልእ ሰብ ዝመልመለ ወይ ዝቐፀረ እንተኾይኑ፣ ወይ

ለ. ነዚ ስለላ ዘገልግል ሓበሬታን መረዳእታን ዝኣከበ ወይ ዘመሓላለፈ ወይ ክርከብ ዝገበረ ወይ ብምሽጥር ዝሕለውን ብግልፂ ብህዝቢ ዘይፍለጥ ሓበሬታን መረዳእታን

ብፀላኢ መንግስቲ ወይ ብውልቀ ንዝተጣየሸ ኣብያተ ዕዮ ወይ ንወከልቶም ክግለፅ ዝገበረ እንተኾይኑ እቲ ተግባር ስለላ ኣብ ልዕሊ ጥቅሚ መንግስትን ህዝብን ትግራይ ጉድኣት ብዘምፅእ ኩነት ዝተፈፀመ እንተኾይኑ፣

ኣብ ስራሕ ብዘለዉ ሕግታት ብዝበለፀ ዘቕፅዕ እንተዘይኾይኑ ካብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ክሳብ ዒስራ ዓመት ፅኑዕ ማእሰርትን ካብ ሓምሳ ሽሕ ብር ክሳብ ክልተ ሚኢቲ ሽሕ ብር መቕፃዕቲ ግንዘብ ይቕፃዕ።

2. እቲ ተግባር ስለላ ኣብ መንግስቲ ትግራይ ወይ ሓይልታት ፀጥታን ሰራዊትን ትግራይ ዝተፈፀመ እንተኾይኑ ካብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ክሳብ ዒስራን ሓሙሽተን ዓመት ፅኑዕ ማእሰርቲ ይቕፃዕ፣
3. እቲ ስለላ ህላወን ድሕንነትን ህዝብን መንግስትን ትግራይ ኣብ ዘስግእ ኩነት ኣብ ዝርከበሉ እዋን ብፍላይ ኣብ እዋን ኩናት ወይ ስግኣት ውግእ ኣብ ዘለሉ ግዜ ዝተፈፀመ እንተኾይኑ ብዕድመ ልክዕ ፅኑዕ ማእሰርቲ ወይ ብሞት ይቕፃዕ።

ዓንቀፅ 46. ገበን ጀኖሳይድ

ዝኾነ ሰብ ኣብ እዋን ሰላም ኮነ እዋን ውግእ ኣብ ብሄርን ብሄረሰባትን ትግራይ፣ ዘርኢ፣ ሕብሪ፣ ሃይማኖት፣ ወይ ፖለቲካ መሰረት ብምግባር ብሙሉእ ወይ ብኽፋል ክዕንት ብምሕሳብ ነቲ ተግባር ጥፍኣት ብምልዕዓል ወይ ብምውዳብ ወይ ትእዛዝ ብምሃብ ወይ ነቲ ተግባር ዘርኢ ምጥፋእ ህዝቢ ትግራይ ብምፍፃም ወይ ብምምራሕ፦

1. ብዝኾነ ኩነት ኣባል ማሕበረሰብ ትግራይ ዝቑተለ ወይ ኣካላዊ ወይ ሕልናዊ ጥዕና ዝጎድእ ተግባር ዝፈፀመ ወይ ኣካላዊ ጉድኣት ዘብፅሐ ወይ ዘጥፈአ እንተኾይኑ፣ ወይ

2. ማሕበረሰብ ትግራይ ብዘርኢ ንኽይፋረ ወይ ብሂወት ክይነብር ንምግባር ዝኾነ ይኹን ሜላ ኣብ ስራሕ ዘውዓለ፣ ወይ
3. ንኣባላት ማሕበረሰብ ትግራይ ወይ ህፃናት ትግራይ ብሓይሊ ወይ ብምግዳድ ካብ ቦታ ናብ ቦታ ዘዘዋወረ፣ ዘፈናቐለ ወይ ዝበተነ ወይ ክሞቱ ወይ ክጠፍኡ ኣብ ዝኽእሉሉ ኩነታት ናብራ ክነብሩ ዝገበረ እንተኾይኑ፣

ካብ ዓሰርተ ዓመት ክሳብ ዒስራን ሓሙሽተን ዓመት ፅኑዕ ማእሰርቲ ወይ ኣፈፃፅማ እቲ ገበን ክቢድ እንተኾይኑ ብዕድመ ልክዕ ፅኑዕ ማእሰርቲ ወይ ብሞት ይቕፃዕ።

4. እቲ ገበን ዝተፈፀመ ኮነ ተባሂሉ ጥምየት ከም መሳርሒ ኵናት ንምጥቃም ብምሕሳብ ወይ ናብ ትግራይ ዝኣቱ ምግብን መድሓኒትን ብምኽልካል ወይ ብኻሊእ ዝኾነ መንገዲ ጥምየት ከም መሳርሒ ኵናት ዝተጠቐመ እንተኾይኑ ብዕድመ ልክዕ እስራት ወይ ብሞት ይቕፃዕ።።

ዓንቀፅ 47. ገበን ኵናት

ዝኾነ ሰብ ዜግነቱ ወይ ዝመፀሉ ክባቢ ወይ እቲ ገበን ዝፈፀመሉ ቦታ ብዘየገድስ ኣብ እዋን ኵናት ወይ ጎንፂ ውግእ ወይ ፀላኢ ኣብ ልዕሊ ህዝብን መንግስትን ትግራይ ወራር ኣብ ዘካየደሉ ግዜ ንዓለም ለኻ ሕግን ድንጋጌታትን ዓለም ለኻ ሕግታት ሰብኣውነትን ብምጥሓስ ኣብ ልዕሊ ሰላማዊ ህዝቢ ትግራይ ጉድኣት ንምብፃሕ ብምውዳብ፣ ብምእዛዝ ወይ ብምምራሕ ወይ ነቲ ተግባር ብምፍፃም ወይ ብዝኾነ ካልእ መንገዲ፦

1. ሰብ ዝቑተለ ወይ ዘሳቐየ ወይ ኢሰብኣዊ ብዝኾነ መንገዲ ዝሓዘ ወይ ዘጉላእልኡ ወይ ስነ ህይወታዊ ፈተነታት ዝገበረ፣ ኣብ ልዕሊ ኣካል ወይ ኣእምሮ ወይ ጥዕና ትግራዋይ ከቢድ ስቃይ ወይ ጉድኣት ከብፅሕ ዝኽእል ካልእ ተግባር ዝፈፀመ እንተኾይኑ፣ ወይ
2. ገንዘብ ዋጋ ከይህልዎ ብምግባር ወይ ዋግኡ ክትሕት ብምግባር ብምኽሳር ወይ ሓሰተኛ ገንዘብ ብምሕታም ወይ ብዝተወደበ ትልሚ ገንዘብ ብምውራድ ወይ ብዝኾነ ኣግባብ ሓሲቡ ንህዝቢ ትግራይ ንጥምየት ዘቃለዐ ወይ ንፀገም ዘሳጠሐ ወይ ናብራ ህዝቢ ትግራይ ዘናገፀ እንተኾይኑ፣ ወይ
3. ንህዝቢ ትግራይ ብሓይሊ ካብ መንበሪኡን መሬቱን ክፈናቐል ወይ ክብተን ዝገበረ ወይ ብዝተወደበ ትልሚ ካብ ዝነብረሉ ክባቢ ዘውፅኡ ወይ ናብ ካልእ ግዞት ቦታ ወይ ግቡእ ስራሕ ናብ ዝፍፅመሉ ቦታ ብምልኣኽ ክእሰሩ ዝገበረ፣ ወይ
4. ኣብ ፀላኢ ኣገልግሎት ስለላ ወይ ሓይልታት ውግእ ወይ ኣብ ምምሕዳራዊ ስራሕ ተመልሚሉ ከገልግል ዘገደደ ወይ ዝሓበለ ወይ ዝደፋፍኡ፣ ወይ
5. ብሓይሊ ትግራዋይነቱ ክስእን ወይ ሃይማኖቱ ክልውጥ ዝገበረ፣ ወይ
6. ንዝሙት ሓዳርነት፣ ተግባር ብዕልግና ወይ ንተግባር ድፍረት ግብረ ስጋ ንኽፍፅም ዘገደደ፣ ወይ
7. ተግባር ምፍርራሕ ወይ ራዕዲ ዝፈፀመ ወይ ብመትሓኛ ዝጨወየ ወይ ጅምላዊ ቅፅዓት ዘንበረ ወይ ተግባር ሕነ ምፍዳይ ዝፈፀመ እንተኾይኑ፣ ወይ

8. ንብረት ዝወረሰ ወይ ዘዕነወ ወይ ንባዕሉ ዝገበረ ወይ ዘይሕጋዊ ወይ ግቡእ ዘይኾነ ግብሪ ወይ ቀረፅ ዝወሰነ፣
9. ምግብን ምግቢንምፍራይ ዝውዕል ቦታ ሕርሻ ወይ ዘራእትን እንስሳት ዘቤትን ወይ ኣገልግሎት መስተ ማይን ስራሕቲ መስኖን ወይ ንብረት፣ ትካላት ጥዕና ወይ ትካላት ትምህርቲ ዝወረሰ ወይ ዘፍረሰ ወይ ዘጥፈአ ወይ ካብ ጥቕሚ ወፃኢ ክኾኑ ዝገበረ ወይ ንባዕሉ ክኾኑ ዝገበረ፣ ወይ
10. ባህላውን ታሪኻውን ቅርስታት ወይ ስራሕቲ ስነ-ጥበብ ወይ ቦታታት ኣምልኾን እምነትን ዘዕነወ ወይ ዝወሰደ ወይ ካብ ጥቕሚ ወፃኢ ዝገበረ ወይ ንባዕሉ ዝገበረ፣ ወይ ኣብ ልዕሊኡም ተግባር ሓይሊ ዝፈፀመ ወይ ነዚኡም ኣብ ወታደራዊ ዕላማ ዘውዓለ፣ ወይ
11. ፀላኢ ኣብ ዝተቖፃፀሮ ቦታ ናይ ዝነበሩ ሰላማዊ ተጋሩ ኣልባሳት ወይ መደቀሲ ወይ መዕለሊ ወይ መድሓኒት ወይ መገልገሊ ሕክምና ወይ ንናብራ ኣድለይቲ ዝኾኑ ኣቕሑት ዘየቕረበ ወይ ክቑርበሎም ዘይገበረ እንተኾይኑ፣ ወይ
12. ቅድሚ ጎንፂ ውግእ ምፍጣሩ ኣብ ዝተሰደዱ ወይ ንነበርቲ ተጋሩ ዘጥቀፀ፣ ዘፈናቐለ፣ ክጠፍኡ ዝገበረ ወይ ብኣግባቡ ዘይሓዘ እንተኾይኑ፣ ወይ
13. ኣብ ትግራይ ዝተጋፈሐን ንነዊሕ እዋን ዝፀንሐን ኣብ ተፈጥሮ ከባቢ ከቢድ ጉድኣት ክብፅሕ ብዝኽእል መሳርሒ ወይ ሜላ ብምጥቃም ጥዕና ክህወኽ ዝገበረ፣ ወይ
14. ብሕጊ ካብ ዝተጣየሸ መጋባእያ ቤት ፍርዲ ወይ ብሕጋዊ መንገዲ ስልጣን ዝተውሃቦ ኣካል ወፃኢ ቅፅዓት ዝወሰነን ዘፈፀመን፣

ካብ ዓሰርተ ዓመት ክሳብ ዒስራን ሓሙሽተን ዓመት ፅኑዕ ማእሰርቲ፣ ወይ ኣፈፃፅማ እቲ ገበን ከቢድ እንተኾይኑ ብዕድመ ልክዕ ፅኑዕ ማእሰርቲ ወይ ብሞት ይቕፃዕ።

ዓንቀፅ 48. ኣብ ልዕሊ ሰራዊት ትግራይ ጉድኣት ምብፃሕ

ዝኾነ ሰብ ዜግነቱ፣ ዝመፀሉ ከባቢ፣ ገበን ዝፈፀመሉ ጊዜን ቦታን ብዘየገድስ ኮነ ኢሉ፦

1. ወታደራዊ ባህሪ ዘለዎን ወይ ንሰራዊት ትግራይ ንኽውዕል ዝተተለመ ዝኾነ ኢኮኖሚያዊ ትካል፣ ትካል ስራሕ ሰራዊት ትግራይ ወይ ቦታ፣ መራኸቢ፣ ወይ ሜላ መጓዓዚ፣ ስራሕ፣ መኽዝን፣ መሳርሒ ውግእ፣ ወይ ዝኾነ ንብረት ኣግባብ ብዘይኮነ

ኣሕሊፉ ብምሃብ፣ ብምፍራስ፣ ተንኮል ስራሕ ብምፍፃም ወይ ብዝኾነ መንገዲ ኣብ ኣገልግሎት ከይውዕል ብምግባር፣

2. ንዝኾነ ፀላኢ ውሽጢ ዓድን ወፃእን ወታደራት ብምቕራብ ወይ ዜጋታት ትግራይ ንፀላኢ ህዝብን መንግስትን ትግራይ ብወታደርነት ንኽገልግሉ ብምምልማል ወይ ብምሕባል ወይ ትግራዋይ ኮይኑ ኣብ ጎኒ ፀላኢ ህዝብን መንግስትን ትግራይ ክኸውን ዝገበረ፣
3. ሰራዊት ትግራይ ካብ ምፍፃም ግቡእ ሰራዊት እምቢተኛ ንክኸውን፣ ወታደራዊ ዓመፅ ከልዕል ወይ ንኽኽድዕ ብግልፂ ብምልዕዓል ወይ ዝተነበረሉ ወታደራዊ ግቡእ ንዘለዎ ሰብ ካብዞም ገበናት እዚኦም ንሓዲኡ ንኽፍዕም ብምትብባዕ ወይ ብምድፍፋር ወይ ክለዓዓል ብምግባር፣ ወይ
4. ንሰራዊት ትግራይ ዘገልግሉ ወታደራዊ ስጉምቲ ጥንቃቐ ብምዕንቃፍ ወይ ብምብልሻው ወይ ብዝኾነ ካሊእ ሜላ ተግባር ተንኮል ብምፍፃም ኣብ ልዕሊ ሰራዊት ትግራይ ጉድኣት ዘብፀሐ እንተኾይኑ፣

ካብ ዓሰርተ ዓመት ክሳብ ዒስራን ሓሙሽተን ዓመት ክበፅሕ ብዝኽእል ፅኑዕ ማእሰርቲ፣ ወይ እቲ ተግባር ከቢድ ኣብ ዝኾነሉ ጊዜ ብፍላይ ኣብ እዋን ውግእ ወይ ስግኣት ውግእ ኣብ ዘለዎ ጊዜ እንተኾይኑ ብዕድመ ልክዕ ማእሰርቲ ወይ ብሞት ይቕፃዕ።

ዓንቀፅ 49. ምፍንጃር

1. ዝኾነ ሰብ ኮነ ኢሉ ህዝቢ ወይ ዝኾነ ሰብ ንምፍርራሕ ወይ ኣብ ልዕሊ ሰብ ወይ ንብረት ሓደጋ ንምብፃሕ ቦምቢ ወይ ደማሚት ወይ ፈንጂ ወይ ዝኾነ ካልኣ ነዚ ዝመስል ተቐፃፊ ሓደገኛ ነገር ክፍንጀር ዝገበረ እንተኾይኑ ካብ ሓሙሽተ ዓመት ክሳብ ዓሰርተ ዓመት ፅኑዕ ማእሰርትን ሓምሳ ሽሕ ብርን ተቐጢዑ በዚ ተግባር ናይ ዝዓነወ ነገር ግምት ዋጋ ይኽፍል፣
2. እቲ ተግባር ምፍንጃር ኣብ ልዕሊ ንብረት ዝለዓለ ሓደጋ ዘብፀሐ ወይ ኣብ ልዕሊ ሂወት ሰብ ሓደጋ ሞት ዘብፀሐ ወይ እቲ ሓደጋ ናብ ካልኣ ክባቢ ዝተጋፈሐ እንተኾይኑ ብዕድመ ልክዕ ፅኑዕ ማእሰርቲ ወይ ብሞት ይቕፃዕ።

ዓንቀፅ 50. ገበን ራዕዲ

ዝኾነ ሰብ ወይ ጉጅለ ፖለቲካዊ ወይ ሃይማኖታዊ ወይ ስነ ሓሳባዊ ዕላማ ንምስጓም ብምሕሳብ ኣብ ልዕሊ መንግስቲ ትግራይ ዕዕንቶ ንምሕዳር ወይ ንሕብረተሰብ ወይ ክፋል

ሕብረተሰብ ትግራይ ንምፍርራሕ ወይ መሰረታዊ ፖለቲካዊ ወይ ሕገ መንግስታዊ ወይ ኢኮኖሚያዊ ወይ ማሕበራዊ ትካላት ትግራይ ንምንጋዕ ወይ ንምፍራስ ዓሊሙ፦

1. ሰብ ዝቐተለ ወይ ኣብ ልዕሊ ኣካሉ ዝለዓለ ጉድኣት ዘብፀሐ እንተኾይኑ፣ ወይ
2. ንሕብረተሰብ ወይ ክፋል ሕብረተሰብ ትግራይ ደሕንነት ወይ ጥዕና ንዝለዓለ ሓደጋ ዘቃልዐ እንተኾይኑ፣ ወይ
3. ተግባር መቑወይቲ ወይ ምስዋር ዝፈፀመ እንተኾይኑ፣ ወይ
4. ኣብ ልዕሊ ንብረት ዝለዓለ ጉድኣት ዘብፀሐ እንተኾይኑ፣ ወይ
5. ኣብ ሃፍቲ ተፈጥሮ ወይ ከባቢ ወይ ታሪኻዊ ወይ ባህላዊ ቅርሲ ዝለዓለ ጉድኣት እንተብጺሑ፣ ወይ
6. ንህዝባዊ ኣገልግሎት ንዝለዓለ ሓደጋ ዘቃለዐ ወይ ዝሓዘ ወይ ኣብ ትሕቲ ቁፅፅሩ ዝገበረ ወይ ዘቋረፀ ወይ ዘበላሸወ፣ ወይ ዝፈፀመ እንተኾይኑ፣

   ኣብ ስራሕ ብዘሎ ሕጊ ዝበለፀ ዘቕፅፅ እንተዘይኾይኑ ካብ ዒስራ ዓመት ክሳብ ዒስራን ሓሙሽተን ዓመት ፅኑዕ ማእሰርቲ ወይ ብዕድመ ልክዕ ፅኑዕ ማእሰርቲ ወይ ብሞት ይቕፃዕ፡፡
7. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ (1) ክሳብ ንኡስ ዓንቀፅ (6) ካብ ዝተቐመጡ ተግባራት ዝኾነ ንምፍፃም ዝተሓነየ፣ እንተኾይኑ ኣብ ስራሕ ብዘሎ ሕጊ ዝበለፀ ዘቕፅፅ እንተዘይኾይኑ ካብ ዓሰርተ ዓመት ክሳብ ዒስራ ዓመት ፅኑዕ ማእሰርቲ ይቕፃዕ፣

ዓንቀፅ 51. ንተግባር ራዕዲ ብገንዘብ ምሕጋዝ

1. ዝኾነ ሰብ ዜግነቱ፣ ዝመፀሉ ከባቢ፣ ገበን ዝፈፀመሉ ቦታ ብዘየገድስ፣ ገንዘቡ ብሙሉእ ወይ ብኽፋል፦

   ሀ. ተግባር ራዕዲ ንምፍፃም፣

   ለ. ንመፈፀሚ ራዕዲ መጥቀሚ፣ ወይ

   ሐ. ንትካል ራዕዲ መጥቀሚ ንኽውዕል ብምሕሳብ ወይ ከምዝውዕል እናፈለጠ ብዝኾነ መንገዲ ብቐጥታ ይኹን ብተዘዋዋሪ ብፍቓዱ ገንዘብ ዝሃበ ወይ ዝኣከበ ወይ ገንዘብ ንምሃብ ኮነ ንምእካብ ዝፈተነ እንተኾይኑ፣
2. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ (1) ኣብ ፊደል ሀ ክሳብ ሐ ዝተገለፀ ገበን ንምፍፃም ብተሓባባርነት ዝተሳተፈ እንተኾይኑ፣
3. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ (1) ኣብ ፊደል ሀ ክሳብ ሐ ዝተገለፀ ገበን ንምፍፃም ንኻልኦት ዝወደበ ወይ ኣመራርሓ ዝሃበ እንተኾይኑ፣ ወይ ኣብ ፊደል ሀ ዝተገለፁ

ገበናት ዘጣይሹ ተግባራት ንምፍፃም ዝተሳተፈ፣ ንምፍፃም ዝኣደመ፣ ዝፈተነ፣ ዝደገፈ፣ ዘመቻቸወ ወይ ንክፍፀም ዘማኸረ እንተኾይኑ፣

4. ንገበን ራዕዲ ብገንዘብ ኣብ ምሕጋዝ ዝተሳተፈ፣ ነቲ ገበን ንምፍፃም ዝኣደመ ፣ ዝፈተነ፣ ዝደገፈ፣ ዘመቻቸወ ወይ ዘማኸረ እንተኾይኑ፣

ካብ ሓሙሽተ ዓመት ክሳብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ክበፅሕ ዝኽእል ፅኑዕ ማእሰርትን ካብ ሓደ ሚኢትን ሓምሳን ሽሕ ብር ክሳብ ክልተ ሚኢቲ ሽሕ ብር መቕፃፅቲ ገንዘብ ይቕፃፅ፣ ውዕኢት እዚ ገበን ዝኾነ ገንዘብን ንብረትን ተወሪሱ ናብ መንግስቲ ኣታዊ ይኸውን፣

5. ብመሰረት እዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ (1) ክሳብ (4) ካብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ክሳብ ዒስራን ሓሙሽተን ዓመት ክበፅሕ ብዝኽእል ፅኑዕ ማእሰርትን ካብ ክልተ ሚኢቲ ሽሕ ብር ክሳብ ሓሙሽተ ሚኢቲ ሽሕ ብር መቕፃፅቲ ገንዘብ ይቕፃፅ፣

ሀ. እቲ ገበን ዝተፈፀመ ብንግዲ ወይ ብተግባርነት ስራሕ ዝተተሓዘ እንተኾይኑ፣ ወይ

ለ. ካብ ዕላማታት ዝተወደበ ጉጅለ ገበነኛ ሓዲኡ ተግባራዊ ዝገበረ እንተኾይኑ ክቢድ ይኸውን።

ዓንቀፅ 52. ምምራዝ

1. ዝኾነ ሰብ ኮነ ኢሉ ንህዝቢ ወይ ንሓይልታት ፀጥታን ሰራዊት ትግራይን ኣገልግሎት ዝውዕል ማይ ወይ ምግቢ ወይ ዝብላዕ ዝመረዘ ወይ ካብ ጥቕሚ ወፃኢ ዝገበረ ወይ ንምግብነት ኣብ ዘገልግሉ ሽቀጣት ንጥዕና ወዲ ሰብ ዝጎድእ ባእዲ ዝኾነ ነገር ዝወሰኸ እንተኾይኑ ኣብ ስራሕ ብዘሎ ሕጊ ዝበለፀ ዘቕፅፅ እንተዘይኾይኑ ካብ ሓሙሽተ ዓመት ክሳብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ፅኑዕ ማእሰርቲ ይቕፃፅ፣
2. እቲ ተግባር ምምራዝ ኣብ ወዲ ሰብ ክቢድ ኣካል ወይ ጥዕና ወይ ኣእምሮ ጉድኣት ዘብፀሐ እንተኾይኑ ካብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ክሳብ ዒስራን ሓሙሽተን ዓመት ክበፅሕ ብዝኽእል ፅኑዕ ማእሰርቲ ይቕፃፅ፣
3. እቲ ተግባር ምምራዝ ኣብ ሰብ ሞት ዘስዓበ እንተኾይኑ ብዕድመ ልክዕ ፅኑዕ ማእሰርቲ ወይ ብሞት ይቕፃፅ።

ዓንቀፅ 53. ኣብ ልዕሊ መርበብ ሓበሬታ ገበን ምፍፃም

1. ዝኾነ ሰብ ብዘይፍቓድ ናብ ኮምፒተር ወይ ስርዓት ኮምፒተር ወይ ሞባይል ወይ ኢመይል ኣድራሻ ወይ ፋክስ ወይ ካልእ ተመሳሳሊ ስርሒት ቴክኖሎጂ ወይ ናብ ዝኾነ ስርዓት መረዳእታ መንግስትን ህዝብን ትግራይ ወይ ኣብያተ ዕዮ ህዝብን መንግስቲ ትግራይ ወይ ትካላት ውልቀ ወይ በዓል መዚ ወይ በዓል ሞያ ብምእታው ዳታ ወይ ፕሮግራም ወይ ኣገልግሎት ኮምፒተር ዝወሰደ ወይ ዝተጠቐመ ወይ ካልእ ክጥቀም ዝገበረ ወይ ዘበላሸወ ወይ ዘጥፍኣ፣ ወይ ብፍቓድ ኣትዩ ካብ ዝተውሃቦ ፍቓድ ወፃኢ ነዞም ተግባራት ዝፈፀመ እንተኾይኑ፣ ወይ
2. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ (1) ዝተገለፁ ንምስራቕ ወይ ንምጭብርባር ወይ ንምትላል ወይ ንምምንጣል ንኽክኣል ወይ ዝኾነ ትልሚ ንምውፃእ ወይ ንምትግባር ወይ ገንዘብ ወይ ንብረት ወይ ኣገልግሎት ኮምፒተር ወይ መርበብ ሓበሬታ ወይ ዝኾነ ዳታ ብዘይኣግባብ ንምቁፅፃር ወይ ንምርካብ ወይ ኣገልግሎቱ ክቋረፅ ንምግባር እንተኾይኑ፣ ወይ
3. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ (2) ዝተገለፀ ትልሚ እንተዘይሃለወ እውን ኣፈፃፅማ እቲ ገበን ክቢድ እንተኾይኑ፣

   ኣብ ስራሕ ብዘሎ ሕጊ ዝበለፀ ዘቕፅፅ እንተዘይኾይኑ ካብ ዓሰርተ ዓመት ክሳብ ዒስራን ሓሙሽተን ዓመት ፅኑዕ ማእሰርቲ ይቕፃፅ።

ዓንቀፅ 54. ገንዘብ ሓሶት ምሕታም

1. ዝኾነ ሰብ ዜግነቱ፣ ዝመፀሉ ክባቢ፣ ነቲ ገበን ዝፈፀመሉ ቦታ ብዘየገድስ ገንዘብ ሓሶት ዝሓተመ ወይ ክሕተም ዝገበረ ወይ ንምሕታም ወይ ክሕተም ንምግባር ዝፈተነ እንተኾይኑ ኣብ ስራሕ ብዘሎ ካልእ ሕጊ ዝበለፀ ዘቕፅፅ እንተዘይኮይኑ ካብ ዓሰርተ ዓመት ክሳብ ዒስራ ዓመት ክበፅሕ ብዝኽእል ፅኑዕ ማእሰርትን ካብ ሓምሳ ሽሕ ብር ክሳብ ሓደ ሚኢቲ ሽሕ ብር መቕፃፅቲ ገንዘብ ማእሰርቲ ይቕፃፅ፣
2. እቲ ዝተሓተመ ገንዘብ ኣብ ስርዓት ኢኮኖሚ ትግራይ ዘእተወ ወይ ዝበተነ እንተኾይኑ ካብ ዒስራ ዓመት ክሳብ ዒስራን ሓሙሽተን ዓመት ክበፅሕ ብዝኽእል ፅኑዕ ማእሰርትን ካብ ሓምሳ ሽሕ ብር ክሳብ ሓደ ሚኢቲ ሽሕ ብር መቕፃፅቲ ገንዘብ ማእሰርቲ ይቕፃፅ።

ዓንቀፅ 55. ምዝውዋር ዘይሕጋዊ ገንዘብ

1. ዝኾነ ሰብ ሓሲቡ ሓሶት ዝኾነ ወይ ናብ ሓሶት ዝተለወጠ ገንዘብ ወይ ሰነድ ግቡእ ወይ ሰነድ ውሕስና ትኽክለኛ ብምምሳል ወይ ካብ ዝተወሰነ ዝበለፀ ዋጋ ከምዘለዎ ብምምሳል ኣብ ውሽጢ ትግራይ ዘዘዋወረ ወይ ሒዙ ዝተረኸበ እንተኾይኑ፣ወይ
2. እቲ ፈፃሚ ገበን ነቲ ገንዘብ፣ ሰነድ ግቡእ ወይ ሰነድ ውሕስና ትኽክለኛ እዩ ብዝብል እምነት ወይ ብትኽክለኛ ዋግኡ ድሕሪ ምቕባሉ ሓሶት ምኻኑ ወይ ዋግኡ ምንካዩ እናፈለጠ ካብ ኪሳራ ንምድሓን ሓሶት ወይ ናብ ሓሶት ዝተለወጠ ገንዘብ፣ ሰነድ ግቡእ ወይ ሰነድ ውሕስና ትኽክለኛ ብምምሳል ዘዘዋወረ እንተኾይኑ፣

ካብ ሓሙሽተ ዓመት ክሳብ ዓሰርተ ዓመት ክበፅሕ ብዝኽእል ፅኑዕ ማእሰርቲ ይቕፃዕ።

ዓንቀፅ 56. ኣብ ነዳዲ ዝፍፀም ገበን

ዝኾነ ሰብ፡-

1. ኣብ ቁፅፅር ወይ ትሕዝቶ መንግስትን ሰራዊትን ትግራይ ካብ ዝርከብ ነዳዲ ዝወረረ ወይ ዝሸጠ ወይ ዝዓደገ ወይ ዘጓዓዘ ወይ ዝሓበአ ወይ መሪሑ ክዝረፍ ዝገበረ፣ ወይ
2. መንግስትን ሰራዊትን ትግራይ ኣብ ዝኾነ ቦታ ካብ ዝዓቀብዎ ነዳዲ ብውልቀ ይኹን ምስ ካልኦ ሰብ ብምኻን ዝወረረ ወይ ክውረር ዝገበረ ወይ ዝዓደገ ወይ ዝሸጠ ወይ ዘጓዓዘ ወይ ዝሓበአ ወይ መሪሑ ክዝረፍ ዝገበረ ወይ ዝዓደገ፣ ወይ
3. ንኽዕቅቦ ብመንግስትን ሰራዊትን ትግራይ ካብ ዝተወሃቦ መጠን ነዳዲ ዘጉደለ ወይ ዝሸጠ ወይ ዝሓበአ ወይ ብዝኾነ መንገዲ ንኻልኦት ኣሕሊፉ ዝሃበ ወይ ዝገዝአ ወይ ዘጓዓዘ ወይ ንባዕሉ ዝተጠቐመ፣ ወይ
4. ሽይጡ ናብ መንግስቲ ትግራይ ኣታዊ ንክገብር ብሓደራ ካብ ዝተወሃቦ መጠን ነዳዲ ዘጉደለ ወይ ዝሸጦ መጠን ገንዘብ ዘጥፈኣ ወይ ንቁፅፅር ኦዲትን ብዘይጥዕም ሰነዳት መሸጣ ነዳዲ ዝሰረዘ ወይ ዝለወጠ ወይ ዘጥፈኣ ወይ ዘበላሸወ፣ ወይ
5. ካብ ቦታ ናብ ቦታ ዝጓዓዝ ካብ ዝተወሃበ ነዳዲ መንግስትን ሰራዊትን ትግራይ መጠኑ ዘጉደለ ወይ ዝሸጠ ወይ ዝገዘአ ወይ ንባዕሉ ዝተጠቐመ ወይ ብዝኾነ ምኽንያት ንኻልእ ሰብ ኣሕሊፉ ዝሃበ ወይ ብዝኾነ ዓይነት ሜላ ዘታለለ ወይ ንዝጓዓዝ ካብ ዝተፈቐደ ቦታ ናብ ካልእ ቦታ ዘጓዓዘ፣ ወይ

6. ንስራሕቲ መኽተ ወይ ኣገልግሎት ንምሃብ ካብ ትሕዝቶ መንግስትን ሰራዊትን ትግራይ ነዳዲ ካብ ዝተመለኣ መኻይን መንግስትን ሰራዊት ትግራይ ኮነ መኻይን ውልቀ ሰብ ቀዲሑ ዝሸጠ ወይ ዝገዘአ ወይ ንኻልእ ሰብ ብዝኾነ ምኽንያት ኣሕሊፉ ዝሃበ፣ ወይ
7. ንኤግዚቪት ካብ ዝተተሓዘ ነዳዲ ንባዕሉ ዝተጠቐመ ወይ ዝሸጠ ወይ ዝገዝአ ወይ ብዝኾነ ዓይነት መንገዲ ንኻልእ ሰብ ክጥቀመሉ ኣሕሊፉ ዝሃበ ወይ ዝዘረፈ ወይ ክዝረፍ ዝገበረ፣ ወይ
8. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1፣ 2፣ 3፣ 4፣ 5፣ 6ን 7ን ዝተደንገጉ ተግባራት ገበን ንምፍፃም ዝፈተነ፣ ወይ
9. ኣብዚ ዓንቀፅ ዝተደንገጉ ገበናት ንኽፍፀሙ ኣብ ስራሕቲ ድለላ መሸጣ ነዳዲ ዝተዋፈረ ወይ ዘይግቡእ ፍቓድ ንምርካብ ዘታለለ ወይ ጉቦ ዝሃበ ወይ ንምሃብ ዝፈተነ እንትኾይኑ፣

ካብ ዓሰርተ ዓመት ክሳብ ዒስራ ዓመት ክበፅሕ ብዝኽእል ፅኑዕ ማእሰርትን ካብ ሓደ ሚኢቲ ሽሕ ብር ክሳብ ሓደ ሚኢትን ሓምሳን ሽሕ ብር መቕፃዕቲ ገንዘብ ወይ ኣፈፃፅማ እቲ ገበን ከቢድ እንትኾይኑ ካብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ክሳብ ዒስራን ሓሙሽተን ዓመት ክበፅሕ ብዝኽእል ፅኑዕ ማእሰርትን ካብ ሓደ ሚኢትን ሓምሳን ሽሕ ክሳብ ክልተ ሚኢቲ ሽሕ ብር መቕፃዕቲ ገንዘብ ይቕፃዕ፣

10. ዝኾነ በዓል መዚ ወይ ሰራሕተኛ መንግስቲ ትግራይ ብሕጊ ካብ ዝተፈቐደ ወፃኢ ብዝኾነ ኣገባብ ንዝኾነ ሰብ ካብ ሃፍቲ መንግስቲ ትግራይ ዝኾነ ነዳዲ ክጥቀም ወይ ክሸይጥ ወይ ከንዓፅዝ ወይ ክሕዝ ወይ ከዘዋውር ዝፈቐደ እንትኾይኑ ካብ ዓሰርተ ዓመት ክሳብ ዒስራ ዓመት ፅኑዕ ማእሰርቲ ወይ እቲ ተግባር ገበን ዝተፈፀመ ጉቦ ብምቕባል እንትኾይኑ ካብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ክሳብ ዒስራን ሓሙሽተን ዓመት ክበፅሕ ብዝኽእል ፅኑዕ ማእሰርቲ ይቕፃዕ፣
11. ካብ ትሕዝቶ መንግስትን ሰራዊትን ትግራይ ዝተረኽበ ይኹን ካብኡ ወፃኢ ዝተረኽበ ነዳዲ ማይ ዝተሓወሶ ወይ ኣብ ልዕሊ ተሽከርከርቲ ወይ ንዝኾነ ኣገልግሎት ዝውዕላ ሞተራት ጉድኣት ክብፅሕ ዝኽእል ባዕዲ ነገር ዝተሓወሶ ነዳዲ ዝሓዘ ወይ ዘዘዋወረ ወይ ዝሸጠ ወይ ንምሻጥ ዝፈተነ እንትኾይኑ ካብ ሓሙሽተ ዓመት ክሳብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ክበፅሕ ብዝኽእል ፅኑዕ ማእሰርትን ካብ ሓምሳ ሽሕ ብር ክሳብ ሓደ ሚኢቲ ሽሕ ብር መቕፃዕቲ ገንዘብ ይቕፃዕ።

ዓንቀፅ 57. ዝውውር ኣፅዋር

1. ዝኾነ ሰብ ኮነ ኢሉ ኣብ ንግዲ ወታደራዊ ኣፅዋር ዝተዋፈረ ወይ ዕላምኡ ብዘየገድስ ኣብ ዝውውር ወታደራዊ ኣፅዋር ዝተዋፈረ ወይ ብፍላይ ናብ ፀላኢ ወይ ከባቢ ፀላኢ ዝርከበሉ ቦታ ዘዋፈረ ወይ ንምዝውዋር ኣብ ምድላው ወይ ኣብ ምዕዳግ ዝተረኽበ እንተኾይኑ ኣብ ስራሕ ብዘሎ ሕጊ ዝበለፀ ቕፅዓት ዘውህብ እንተዘይኾይኑ ካብ ሸውዓተ ክሳብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ፅኑዕ ማእሰርትን ካብ ሰማንያ ሽሕ ብር ክሳብ ሓደ ሚኢትን ሓምሳን ሽሕ ብርን ይቕፃዕ፣ እቲ ዝሓዞ ኣፅዋር ወይ ብመሸጣ ኣፅዋር ዝተረኽበ ገንዘብ ይውረስ፣
2. ዝውውር ኣፅዋር ናብ ፀላኢ ንምውሳድ ዓሊሙ ዝተፈፀመ እንተኾይኑ ወይ ካብ መንግስትን ሰራዊት ትግራይ ንብረት ዝተሰረቐ ወይ ብዝኾነ ምኽንያት ዝተወሰደ እንተኾይኑ እቲ ኣፅዋር ወይ ብመሸጣ ዝተረኽበ ገንዘብ ምውራስ ክምዘለዎ ኮይኑ፣
ካብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ክሳብ ዒስራን ሓሙሽተን ዓመት ክበፅሕ ብዝኽእል ፅኑዕ ማእሰርትን ካብ ሓደ ሚኢቲ ሽሕ ብር ክሳብ ክልተ ሚኢቲ ሽሕ ብር መቕፃዕቲ ገንዘብ ይቕፃዕ።

ዓንቀፅ 58. መሳርሒ ውግእ ሒዝካ ምዕማፅን ንውግእ ምልዕዓልን

ዝኾነ ሰብ ዜግነቱ፣ ዝመፀሉ ከባቢ፣ ገበን ዝፈፀመሉ ጊዜን ቦታን ብዘየገድስ ኮነ ኢሉ፦

1. ብሕገ-መንግስትን ካልኦት ሕግታትን ትግራይ ኣብ ልዕሊ ዝተጣየሹ ኣካላት መንግስቲ ወይ ሰብ መዚ መንግስቲ ትግራይ፣ ህዝቢ ወይ ሰራዊት ትግራይ ብዕጥቂ ዝተሓገዘ ዓመፅ ንኽልዕሉ ዝወደበ ወይ ዝመርሐ እንተኾይኑ፣ ወይ
2. ንዜጋታት ወይ ኣብ ውሽጢ ትግራይ ነበርቲ ንዝኾኑ ብምዕጣቕ ወይ ሓደ ወገን ኣብ ልዕሊ ካሊእ ወገን መሳርሒ ውግእ ከልዕል ዝገበረ እንተኾይኑ፣
ካብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ክሳብ ዒስራን ሓሙሽተን ክበፅሕ ብዝኽእል ፅኑዕ ማእሰርትን ካብ ሓምሳ ሽሕ ክሳብ ሓደ ሚኢቲ ሽሕ ዝበፅሕ መቕፃዕቲ ገንዘብ ይቕፃዕ፣
3. እቲ ዝተፈፀመ ገበን ኣብ ልዕሊ ደሕንነት ወይ ናብራ ህዝቢ ትግራይ ዝለዓለ ቀውሲ ወይ ምንጋፅ ዘስዓበ እንተኾይኑ ብዕድመ ልክዕ ፅኑዕ ማእሰርቲ ወይ ብሞት ይቕፃዕ፣
4. ዝኾነ ሰብ ኣብ ንኡስ ዓንቀፅ 3 ብዝተገለፀ ኣግባብ ኣብ ዝተወደበ ወይ ኣብ ዝተለዓዓለ ምንቅስቓስ ብናይ ባዕሉ ፍቓድ ዝተኻፈለ እንተኾይኑ ካብ ዓሰርተ

ሓሙሽተ ዓመት ክሳብ ዒስራ ዓመት ዕኑዕ ማእሰርትን ካብ ሰላሳ ሽሕ ክሳብ ሓምሳ ሽሕ ብር ገንዘብ መቐፃዕቲ ይቕፃዕ።

ዓንቀፅ 59. ጉቦ ምቕባል፣ ምሃብን ብልሹው ኣሰራራሓ ምትእትታውን

1. ዝኾነ ሰራሕተኛ ወይ በዓል መዚ መንግስቲ ብዝተወሃቦ ሓላፍነት ወይ ብዝተነበረሉ ግቡእ ስራሕ ክገብሮ ዘይግብእ ተግባር ንምፍፃም ወይ ክገብሮ ዝግባእ ንዘይምግባር ወይ ክሰርሖ ዝግባእ ብዝተፈለየ መንገዲ ንምፍፃም ብቐጥታ ይኹን ብተዘዋዋሪ ንባዕሉ ወይ ንኻሊእ ሰብ ዘይግቡእ ረብሓ ንምርካብ ወይ ናይ ካሊእ መሰል ንምጉዳእ ሓሲቡ ጉቦ ንኽወሃቦ ዝሓተተ ወይ ዝተቐበለ ወይ ቃል ተስፋ ዝተቐበለ ወይ ዝደለለ ወይ ናይ ጉቦ ገንዘብ ወይ ንብረት ዘመሓላለፈ ወይ ጉቦ ዝሃበ እንተኾይኑ፣ ወይ
2. ዝኾነ ሰራሕተኛ ወይ በዓል መዚ መንግስቲ ዝተወሃቦ ሓላፍነት ብሕግን ኣሰራራሓን ክፍፅም እናተገበኦ ስርዓትን ኣሰራራሓን መንግስቲ ብሕጊ ካብ ዝተቐመጠ ኣገባብ ብምምራሕ ወይ ብምፍፃም ኣብ ልዕሊ ሃፍቲ ህዝብን መንግስትን ጉድኣት ክበፅሕ ዝገበረ እንተኾይኑ፣

   ካብ ዓሰርተ ዓመት ክሳብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ክበፅሕ ብዝኽእል ዕኑዕ ማእሰርትን ካብ ሓምሳ ሽሕ ብር ክሳብ ሓደ ሚኢቲ ሽሕ ብር መቐፃዕቲ ገንዘብ ይቕፃዕ፣
3. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1ን 2ን ንዝተወሃቦ ሓላፍነት ወይ ዝተነበረሉ ግቡእ ንኽጥሕስ ዝተደለየሉ ዕላማ፣ ዝተረኽበ ረብሓ ወይ ጥቕሚ ዝለዓለ ምኻን፣ ብርኪ ሓላፍነት ወይ ስልጣን እቲ ጥፍኣተኛ ወይ ኣብ ልዕሊ ረብሓ ወይ ጥቕሚ ውልቀ ሰብ፣ ህዝቢ ወይ መንግስቲ ትግራይ ዝበፀሐ ጉድኣት ዝለዓለ ምኻንን ኣፈፃፅማ እቲ ገበን ክቢድ ዝገብሮ እንተኾይኑ ካብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ክሳብ ዒስራ ዓመት ክበፅሕ ብዝኽእል ዕኑዕ ማእሰርትን ካብ ሓደ ሚኢቲ ሽሕ ክሳብ ሓደ ሚኢትን ሓምሳን ሽሕ ብር ገንዘብ መፃዕቲ ይቕፃዕ፣
4. ድንጋጌ እዚ ዓንቀፅ ኣብ ትካላት መንግስቲ ፌደራል ንዝሰርሑ ሓለፍቲ ወይ ሰራሕተኛታት ተፈፃምነት ኣለዎ፣
5. ድንጋጌ እዚ ዓንቀፅ ከኸም ክብደቱን ዝተረኽበ ውፅኢትን እናተመዘነ ከኸም ኣግባብነቱ ድንጋጌታት ንኡስ ዓንቀፅ (1)ን (3)ን ጉቦ ኣብ ዝሃበ ዝኾነ ሰብ ተፈፃሚ ይኸውን፣

6. ድንጋገ ንኡስ ዓንቀፅ (5) እንተሃለወ'ውን ጉቦ ዝሃበ ሰብ ነቲ ጉቦ ዝተቐበለ ሰብ ተሓታቲ ንምግባር ብሕታዊ ምስክር እንተኾይኑ ወይ ዝህቦ ምስክርነት መሰረታውን ነቲ ገበነኛ ጥፍኣተኛ ንምግባር ወሳኒ እዩ ኢሉ ከሳሲ እንተኣሚኑ ካብ ክሲ ነፃ ክገብሮ ይኽእል።

ዓንቀፅ 60. ሓሶት ምስክርነት

1. ዝኾነ ሰብ ንመርማሪ ፖሊስ ወይ ዓቃቢ ሕጊ ብናፃ ፍቓዱ ወይ ኣብ ቀዳሚ ምርመራ ንፍሉይ መጋባእያ ቤት ፍርዲ ዝሃቦ ቃል ምስክርነት ንሓደ ተኸራኻሪ ወገን ንምጥቃም ወይ ነቲ ኻሊእ ንምጉዳእ ሓሲቡ ቃል ምስክርነቱ ዝለወጠ ወይ ብሓሶት ዝመስከረ ወይ ሓሶት ዝኾነ ሞያዊ ሪኢቶ ዝሃበ ወይ ንሓቂ ዝሓበአ እንተኾይኑ ካብ ዓሰርተ ዓመት ክሳብ ዓስርተ ሓሙሽተ ዓመት ክበፅሕ ብዝኽእል ፅኑዕ ማእሰርቲ ይቕፃዕ፣
2. እቲ ምስክር ሓቂ ንኽምስክር ሚሒሉ ወይ መረጋገፂ ቃል ሂቡ እንተኾይኑ ብፍላይ እቲ ዝተደለየ ውፅኢት ብኽፋል ወይ ብሙሉእ ዝተረኽበ እንተኾይኑ ካብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ክሳብ ዒስራ ዓመት ክበፅሕ ብዝኽእል ፅኑዕ ማእሰርቲ ይቕፃዕ፣
3. ዝኾነ ሰብ ብገበን ኣንፃር ልኣላውነት፣ ህልውናን ድሕንነትን ህዝቢ ትግራይ ንዝተኸሰሰ ሰብ ሓሲዩ ብምምስካር ነፃ ክወፅእ ወይ ሓሲዩ ብምምስካር ክቕፃዕ ዝገበረ እንተኾይኑ ካብ ዒስራ ዓመት ክሳብ ዒስራን ሓሙሽተን ዓመት ክበፅሕ ብዝኽእል ፅኑዕ ማእሰርቲ ይቕፃዕ።

ዓንቀፅ 61. ምስክር ምፍርራሕ ወይ ምሕባል

1. ብገበን ራዕዲ፣ ንገበን ራዕዲ ብገንዘብ ምሕጋዝ፣ ብገበን ዝተረኽበ ገንዘብ ወይ ንብረት ሕጋዊ ኣምሲልካ ምቕራብ፣ ብገበን ኣንፃር ኣንፃር ልኣላውነት፣ ደሕንነትን ህልውናን ህዝቢ ትግራይ ኣብ ዝተፈፀመ ገበን ምስክር ንዝኾነን ወይ ምስክር ክኸውን ንዝኽእል ሰብ ንኽይምስክር ወይ ሓሲዩ ንክምስክር ዝሓበለ ወይ ዘፈራረሐ ወይ ፀቕጢ ዝፈጠረ ወይ ኣብ ልዕሊ እቲ ምስክር ወይ ምስቲ ምስክር ዝቐረበ ርክብ ኣብ ዘለዎ ሰብ ተግባር ሓይሊ ዝፈፀመ እንተኾይኑ ካብ ዓሰርተ ዓመት ክሳብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ፅኑዕ ማእሰርቲ ይቕፃዕ፣
2. ብምኽንያት ኣብ ላዕሊ ዝተዘርዘሩ ተግባራት እቲ ምስክር እንተጠፊኡ ወይ ቃል ምስክርነቱ እንተለዊጡ ወይ ሓሲዩ እንተመስኪሩን በዚ ምኽንያት ተኸሳሲ ነፃ

እንተወፅዩ ወይ ሓሲዩ ብምምስካር ብዘይገበሮ ገበን ክቕፃዕ እንተግይሩ ካብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ክሳብ ዒስራን ሓሙሽተን ዓመት ፅኑዕ ማእሰርቲ ይቕፃዕ።

ክፍሊ ሽዱሽተ

ዝተፈላለዩ ድንጋጋት

ዓንቀፅ 62. ስልጣን ዳይነት

ኣብ ካልኦት ሕግታትን ንማሕበራዊ ቤት ፍርዲ፣ ወረዳ፣ ማእኸላይን ላዕለዋይን ቤት ፍርዲ ዝተዋሃበ ስልጣን ዳይነት ሕልው ኮይኑ፦

1. ኣብዚ ኣዋጅ ካብ ዓንቀፅ 8 ክሳብ 16 ዝተደንገጉ ዋኒናት ናይ ምድናይ ስልጣን ንማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ተዋሃቢ ኣሎ።
2. ኣብዚ ኣዋጅ ንማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ካብ ዝተዋህቡ ወፃኢ ዘለው ናይ እስራት ቅፅዓቶም ክሳብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ፅኑዕ እስራት ዘቕፅዑ ገበናት ናይ ምድናይ ስልጣን ንወረዳ ቤት ፍርዲ ተዋሂቡ ኣሎ።
3. ኣብዚ ኣዋጅ ንወረዳ ቤት ፍርዲ ካብ ዝተዋህቡ ወፃኢ ዘለው ገበናት ናይ ምድናይ ስልጣን ንማእኸላይ ቤት ፍርዲ ተዋሂቡ ኣሎ።
4. ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ትግራይ ስልጣን ይግበኣንን ሰበርን ጥራሕ ዝህልዎ ኮይኑ ኣብ ኣብ ሰበር ዝዋሃብ ውሳነ ናይ መወዳእታ ኮይኑ ዝኾነ ይኹን ይግባይ ኣይቕርበሉን።
5. ኣብዚ ኣዋጅ ንዝተደንገጉ ዋኒናት ኣመልኪቱ ሕገ መንግስታዊ ትርጉም እንትላዓል ኮምሽን ተርጓሚ ሕገ መንግስቲ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ዝህቦ ትርጉም ናይ መወዳእታን ይግባይ ዘይባሃሎን ይኸውን።

ዓንቀፅ 63. መሰል ውሕስና

1. ኣብዚ ኣዋጅ ኣብ ዝተደንገጉ ዋኒናት ገበን ዝተጠርጠረሉ ወይ ዝተኸሰሰሉ ገበን ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመትን ልዕሊኡን ፅኑዕ እስራት ክቕፅዕ ዝኽእል እንተኾይኑ ወይ ብዝተኸሰሰሎም ወይ ዝተጠርጠረሎም ተደራረብቲ ክስታት መበገሲ ቅፅዓቶም ተደሚሮም ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመትን ልዕሊኡን ፅኑዕ እስራት ዘቕፅዑ እንተኾይኖም መሰል ውሕስና ኣይፍቀድን።
2. ኣብዚ ኣዋጅ ካብ ዝተደንገጉ ገበናት ወፃኢ ኣብ እዋን ብሄራዊ መኸተ ኣፍቲ ስሩዕ ገበን ሕጊ ወይ ካልኦት ሕግታት ብገበን ክቢድ ክትራንን ኣገዲድካ ምድፋርን ዝተጠርጠረ ወይ ዝተኸሰሰ ሰብ መሰል ውሕስና ኣይፍቀድን።

3. ንመኽበሪ ውሕስና ዝሕተት ሃፍቲ ህልው ኩነታትን ኣፈፃፅማ እቲ ገበንን ሳዕቤኑን ኣብ ግምት ዘእተወን ተሓታትነት ብዘረጋግፅን ይኸውን።

ዓንቀፅ 64. ይግበኣኒ

1. ካብ ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ጀሚሩ ብበቢብርኩ ዝርከቡ ኣብያተ ፍርዲ ብመሰረት እዚ ኣዋጅ ዝወሃቡ ውሳነታት ይግብኣንን ከይዲ ስነ ስርዓቱን ብዝምልከት ብስሩዕ ሕግታት ስነ-ስርዓት ይፍፀሙ።
2. ኣብዚ ኣዋጅ ዝተደንገጉ ገበን ፀላኢ ምትሕብባር፣ ስለላ፣ ከቢድ ክድዓት፣ ገበን ጀኖሳይድ፣ ገበን ኩናትን ካልኦት ብዕድመ ልክዕ ወይ ሞት ዘቕፅዑ ገበናት ተኸሲሱ ኣብ ጥፋኣተኛነት ዝተዋሃበ ፍርዲ ብምቁዋም ዓቃቢ ሕጊ ናብ ይግባይ ወይ ጥርዓን ሰማዒ ቤት ፍርዲ ይግባይ ከም ዝብል ወይ ጥርዓን ከምዘቕርብ ብፅሑፍ እንድሕር ኣፍሊጡ ይግባይ ወይ ጥርዓን ሰማዒ ቤት ፍርዲ ንዝቕረበሉ ቅሬታ ወይ ጥርዓን መርሚሩ ዝመሰሎ ትእዛዝ ክሳብ ዝህበሉ ተዋሂቡ ዝነበረ ውሳነ ወይ ፍርዲ ተኣጊዱ ይፀንሕ።

ዓንቀፅ 65. ኣወሳስና ቕፅዓትን ዝርዝር ስነ-ስርዓትን

1. ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ኣብ ፍሉይ መጋባእያ ኣብያተ ፍርዲ ተፈፃምነት ዘለዎ መምርሒ ኣወሳስና ቕፅዓትን ዝርዝር ስነ ስርዓትን የውፅእ፣
2. ብመሰረት እዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ (1) ብዝወፅእ መምርሒ ኣወሳስና ቕፅዓት ይኹን ኣብ ስራሕ ዘሎ ስሩዕ ናይ ቅፅዓት ኣወሳስና መምርሒ ዝዋሃብ ቅፅዓት ኣብዚ ኣዋጅ ሕድሕድ ድንጋገ ካብ ዝተቐመጠ ዝተሓተ መበገሲ ቕፅዓት ንታሕቲ ዘውርድ ክኸውን የብሉን።

ዓንቀፅ 66. ተኸሳሲ ብዘየለሉ መዝገብ ዝረኣየሉ ስነ-ስርዓት

1. በዚ ኣዋጅ ይኹን ካልኦት ሕግታት መሰረት ልዕሊ 5 ዓመት ክቕፅዕ ዝኽእል ገበን ዝተኸሰሰ ዝኾነ ሰብ ኣብ ዕለት ቐፀርኡ እንተዘይቀሪቡ ኣግባብነት ብዘለለዎ ጋዜጣ መቃልሕ ትግራይ እዙይ ኣብዘይከኣለሉ ኩነታት ብኣድራሽኡ ህዝቢ ክሪኦ ኣብ ዝኽእል ምልክታ መጠቅዒ ቦታ ንዓሰርተ ሓሙሽተ ተኸታታሊ መዓልቲ ከባብያዊ ምልክታ ተለጢፉ መፀዋዕታ ይግበረሉ፤
2. ብመሰረት ድንጋገ ንኡስ ዓንቀፅ 1 መፀዋዕታ ተግይርሉ ዘይቀረበ ተኸሳሲ ክቐርብ ከምዘይደለየ ተሓሲቡ እቲ መዝገብ ተኸሳሲ ብዘየለሉ ይረኣ፤
3. እቲ ተኸሳሲ ኣብ ዝኾነ ብርኪ ቐፀርኡ ቀሪቡ ፀኒሑ ቀፃሊ ዕለት ቐፀርኡ ፈሊጡ ብድሕሪኡ እንተተሪፉ ካልእ ተወሳኺ ስነ ስርዓት ከየድለየ ተኸሳሲ ዘለዎ መሰል ናይ ምስማዕን ምክታዕን ኮነ ምክልኻል ተሓሊፉ እቲ መዝገብ ተኸሳሲ ብዘየለሉ ኽቕፅልን ውሳነ ክረክብን ይግበር
4. ኣብ ሱር ቤት ፍርዲ ብዘየለሉ ተራኣዩ ኣብ ዝተወሰነ ጉዳይ ዓ/ሕጊ ኣብ ጥፋኣተኛነት ኮነ ቅፅዓት ይግባይ ወይ ጥርዓን እንተኣቕሪቡ እሞ ተፀዋዒ ወይ ይግባይ መልሲ ዋሃቢ ኣብ ኣድራሽኡ የለን ዝብል መረዳእታ እንተቐሪቡ ካሊእ ናይ ጋዜጣ ወይ ምልክታ መፀዋዕታ ከየድለየ ብዘየለሉ ዝረኣ ይኸውን።
5. ድንጋገ ንኡስ ዓንቀፅ 1፣ 2ን 3ን እዚ ዓንቀፅ እንተሃለወ እውን ተኸሳሲ ክቐርብ ዘይከኣለ ካብ ዓቕሙ ንላዕሊ ብዝኾነ ብቑፅ ምኽንያት እንተሃልይዎ እቲ ውሳነ ከምዝተዋሃበ ካብ ዝፈለጠሉን ኣብ ውሽጢ ዓሰርተ ሓሙሽተ ማዓልቲ ናብ ቤት ፍርዲ ከመልክት ዝክእል ኮይኑ ቤት ፍርዲ እንተኣሚንሉ ዳግም ንኽርኢ ክውሰን ይኽእል።
6. ድንጋገ እዚ ዓንቀፅ ከኸም ኣግባብነቱ ኣብ ከይዲ ይግበኣኒ'ውን ተፈፃሚነት ይህልዎ።

ዓንቀፅ 67. ምክያድ ቀዳሚ ምርመራ

1. ኣብዚ ኣዋጅ ላዕለዋይ ፀፍሒ መጠን ቅፅዓቶም ዓሰርተ ዓመትን ልዕሊኡን ፅኑዕ ማእሰርቲ ዘቕፅዑ ገበናት ኩሎም ኣብ ዝኾነ ቤት ፍርዲ ቀሪቦም ቀዳሚ ምርመራ ክግበረሎም ይግባእ።
2. ዓቃቢ ሕጊ ኣድላዪ ኮይኑ እንተረኺብዎ ኣብ ድንጋገ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ካብ ዝተቐመጡ ገበናት ወፃኢ ቀዳሚ ምርመራ ክስምዑ ከመልክት ይኽእል።

3. ኣብ ቀዳሚ ምርመራ ዝተወሃበ ቃል እምነት ተጠርጣሪ፣ ቃል ምስክርነት ኣብ ከይዲ መጋባእያ ከም ብቑዕ መረዳእታ ኮይኑ የግልግል፡፡
4. ቀዳሚ ምርመራ እንትግበር ተኸሳሲ ብጠበቓኡ ወይ ተኻላኻሊ ጠበቓ ተሓጊዙ ይካየድ፡፡

ዓንቀፅ 68. ስነ-ስርዓት ምስማዕን ተቐባልነትን መረዳእታ

1. ድሕንነትን ሓለዋን መሰኻኸር ንምርግጋፅ ክበሃል ኣብዚ ኣዋጅ መበገሲ ቅፅዓቶም 10 ዓመትን ልዕሊኡን ዝኾኑ ገበናት ኣብ እዋን ቀዳሚ ምርመራ ኮነ ኣብ ከይዲ ስሩፅ ክሲ መጋባእያ ዝወሃብ ምስክርነት ስምን ማንነትን መሰካክር ብሕቡእ ወይ ኣብ ድሕሪ መጋረጃ ክኸውን ይኽእል፣ እቲ ከይዲ መጋባእያ 'ውን ዕፅው ክኸውን ይኽእል፣
2. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ካብ ዝተደንገጉ ድንጋጌታት ወፃኢ ኣብ ዘለዉ ገበናት ዝካየድ ምስማዕ ምስክርነት ኣብ ግልፂ ወይ ከከም ኣድላይነቱ ኣብ ዕፅው መጋባእያ ይኽውን፣
3. ንመርማሪ ዝተወሃበ ቃል ተጠርጣሪ ወይ ቃል ምስክርነት መሰኻኸር ወይ ኣብ ከይዲ ምፅራይ ዝነበሩ ደረጃ መሰኻኸር ዝሃብዎ ቃል ምስክርነት ወይ ከምኣገባብነቱ ምስክርነት ናይ ሰማኢ ሰማኢ ወይ ነዚ ከረድኡ ዝኽእሉ ሰነዳት ወይ ውዕኢት ምርመራ ቴክኖሎጂ ወይ ሞያዊ ምስክርነት ክህቡ ዝኽእሉ ዝህብዎ ሞያዊ ምስክርነት ሕግን ስነ ስርዓትን መሰረት ተገይሩ ከምዝተዋሃበ ተቑፂሩ ኣብ ዝኾነ ቤት ፍርዲ ከም መረዳእታ ኮይኑ የግልግል። እዚ ዘፍርስ መረዳእታ እንተሃልዩ ተኸሳሲ ናይ ምርዳእ ሽክሚ ይህልዎ።

ዓንቀፅ 69. ኣወሳስና ቅፅዓት ገንዘብ ሕጋዊ ሰብነት ዘለዎ ትካል

ኣብዚ ኣዋጅ ኣብ ሕድሕድ ናይ ገበን መጣየሺ ድንጋገ ብግልፂ ኣብ ዘይተቐመጡ ብማእሰርቲ ዘቕፅዑ ገበናት ተደንጊጎም ኣብ ዝርከቡሉ እዋን ቅፅዓት ዝወሃብ ኣብ ሕጋዊ ሰብነት ዘለዎ ትካል እንተኾይኑ፡-

1. ክሳብ ዓሰርተ ዓመት ዝበፅሕ ፅኑዕ ማእሰርቲ ዘቕፅዕ ገበን ከከም ክብደት እቲ ገበን ክሳብ ሓሙሽተ ሚኢቲ ሽሕ ብር ይቕፃዕ፣
2. ካብ ዓሰርተ ዓመት ክሳብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ማእሰርቲ ዘቕፅዕ ገበን ከከም ክብደት እቲ ገበን ካብ ሓሙሽተ ሚኢቲ ሽሕ ብር ክሳብ ክልተ ሚልየን ይቕፃዕ፣

3. ካብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ክሳብ ዕድመ ልክዕ ማእሰርቲ ወይ ሞት ዘቕፅዕ ገበን ከኸም ክብደት እቲ ገበን ካብ ሰለስተ ሚልየን ክሳብ ሓሙሽተ ሚልየን ብር ይቕፃዕ።

ዓንቀፅ 70. ኣፈፃፅማ ቅፅዓት ሞት

1. ብመሰረት እዚ ኣዋጅን ካልኦት ኣብ ስራሕ ዘለዉ ስሩዓት ሕግታትን ዝተውሃበ ፍርዲ ቅፅዓት ሞት ተፈፃሚ ዝኸውን ብፕሬዚደንት እንትፀድቕ ይኸውን፣
2. ፕረዚደንት እቲ ዝተፈረደ ቅፅዓት ሞት ናብ ዕድመ ልክዕ ዕኑዕ ማእሰርቲ ክቕይሮ ይኽእል።

ዓንቀፅ 71. መሰጋገሪ ድንጋጌ

1. እዚ ኣዋጅ ቅድሚ ኣብ ስራሕ ምውዓሉ ኣብ ከይዲ ዝፀንሐ ዋኒን ገበን ይኹን ፍትሃብሄር በቲ ዝነበረ ሕጊ ይቕዕል።ነገር ግን ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ብመሰረት ኣብ ስራሕ ዝፀንሑ ሕግታት ብውክልና እናረኣዮም ዝፀነሐ ቀጥታ (ካብ ይግበኣንን ሰበርን ወፃኢ ዘለዉ) ዋኒናት ገበንን ፍትሃብሄርን ቅድሚ ምስክርነት ምስምዑ ሓደ ብርኪ ወሪዶም ኣብ ዝነበርዎ ብርኪ ክትዕ ስልጣን ናብ ዘለዎ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ተመሓላሊፎም ክረኣዩ ይግበር፣
2. ኣብ ከይዲ ኣብ ቢሮ ፍትሒ ዝፀንሑ ገበናት ግዕዝይና ምዕራይ ይኹን ምኽሳስ ኣብ ዝነበርዎ ብርኪ ናብ ኮሚሽን ስነ-ምግባርን ፀረ ግዕዝይናን መንግስቲ ትግራይን መሓውሩን ይመሓላለፉ።

ዓንቀፅ 72. ዝተኸልኸሉ ተግባራት

1. ዝኾነ ናይ ፍትሒ ወይ ምምሕዳር ኣካል ካብ ተጠርጣሪ ወይ ተኸሳሲ ዝኾነ ንብረት ወይ ገንዘብ ከቕምጠልካ ኢልካ ወይ ባዕልኻ ፈቲሽካ ንባዕልኻ ምጥቃም ወይ ካልእ ሰብ ክጥቀመሉ ምግባር ዝተኸልከለ እዩ፣
2. ብኤግዚቢት ዝተተሓዘ ዝኾነ ዓይነት ንብረት ወይ ገንዘብ ብሕጊ ካብ ዝተፈቕደ ቦታ ወይ ንኽሕዝ ብሕጊ ካብ ዝተፈቕደሉ ሰብ ወፃኢ ምቕማጥ ወይ ምሓዝ ወይ ንባዕልኻ ምጥቃም ወይ ብሕጊ ንዘይተፈቕደሉ ኣካል ኣሕሊፍካ ምሃብ ዝተኸልከለ እዩ፣
3. ዝኾነ መርማሪ ወይ ዓቃቢ ሕጊ ወይ ሓለዋ ወይ ክትትልን ሓበሬታን ተጠርጣሪ ወይ ተኸሳሲ ዘቕመጠ ዝኾነ ዓይነት ንብረት ወይ ገንዘብ ብዝኾነ ምኽንያት ንባዕልኻ ምውሳድ ወይ ካብ ሕጊ ወፃኢ ካሊእ ሰብ ክወስዶ ኣሕሊፍካ ምሃብ ወይ ምስራቕ ዝተኸልከለ እዩ፣
4. ዝኾነ መርማሪ ወይ ዓቃቢ ሕጊ ወይ ሓለዋ ወይ ዓጃቢ ወይ ክትትልን ሓበሬታን ብሕጊ ወይ ነቲ ምዕራይ ብዝመርሕ ዓቃቢ ሕጊ ወይ መተሓባበሪ ፖሊስ ምዕራይ

ወይ ብትእዛዝ ቤት ፍርዲ ካብዝ ዝተኣዘዘን ዝተፈቐደን ወፃኢ ብናይ ባዕልኻ ፍቓድ ንተጠርጣሪ ወይ ተኸሳሲ ክዘዋወር ወይ ክውዕልን ክሓድርን ወይ ምስ ዝኾነ ሰብ ወይ ዝኾነ ኣካል ክራኸብ ምግባር ዝተኸልከለ እዩ፣

5. ኣብዚ ኣዋጅ ውሕስና ኣየውሀብን ብዝተበሃሉ ገበናት ዝተጠርጠረ ወይ ዝተኸሰሰ ሰብ ውሕስና ምፍቃድ ወይ ምዕራይ ከይተወደአ መጠርጠሪ ምኽንያት የብሉን ኢልካ ምፍታሕ ወይ ክፍታሕ ምእዛዝ ዝተኸልከለ እዩ፣
6. ካብ መርማሪ ፖሊስ ወይ ዓቃቢ ሕጊ ወይ ቤት ፍርዲ ካብ ዝተወሃበ ትእዛዝ ወፃኢ ዝኾነ ሰብ ሓበሬታ ካብ ምሃብ ወይ ንተጠርጣሪ ሒዙ ናብ መርማሪ ፖሊስ ወይ ዓቃቢ ሕጊ ካብ ምቕራብ ወፃኢ ባዕሉ ንዝኾነ ሰብ ብዝኾነ ዓይነት ገበን ዝተጠርጠረ ሰብ ክኣስር ወይ ክፈትሕ ወይ ኣብ ኣካላት ፍትሒ ዘየድሊ ፅዕንቶ ምፍጣር ዝተኸልከለ እዩ፣
7. ብገበን ኣንፃር ልኣላውነት፣ ህልውናን ደሕንነትን ህዝቢ ትግራይ ወይ በዚ ኣዋጅ ውሕስና ብዝኸልክል ገበን ዝተጠርጠረ ወይ ዝተኸሰሰ ሰብ ውሕስና እንተተፈቒዱ ወይ ምዕራይ ከይተወደአ መጠርጠሪ ምኽንያት የብሉን ተባሂሉ ንኽፍታሕ እንትውሰን ሽዑ ንሽዑ ብፅሑፍ ይግባኣኒ ዘይምሕታትን ሕጋዊ ግቡኡኻ ዘይምፍፃምን ወይ ግቡእ ምዕራይ ከይተገበረሉ ወይ እኹል መረዳእታ እናሃለወ መዝገብ ዓኒኻ ተጠርጣሪ ምፍታሕ ዝተኸልከለ እዩ፣
8. ዝኾነ ናይ መንግስቲ ኮነ ልምዓት ትካላት ሰራሕተኛ ብዝኾነ ምኽንያት መንግስታዊ ወይ ህዝባዊ ግልጋሎት ኣይህብን ወይ ስራሕ ኣይሰርሕን ወይ ስራሕቲ ወይ ግልጋሎት ክቑርፅ ወይ ጠጠው ክብል ወይ ምምሕዳራዊ በደል ምብፃሕ ዝተኸልከለ እዩ።

ዓንቀፅ 73. ተሓታትነት

ኣብዚ ኣዋጅ ኣብ ዓንቀፅ 71 ዝተደንገገ ክልከላ ዝጠሓሰ ዝኾነ ሰብ ኣብ ካሊእ ሕጊ ዝኸበደ ቅፅዓት ዘቅፅፅ እንተዘይኮይኑ ካብ ሓሙሽተ ዓመት ክሳብ ዓሰርተ ዓመት ፅኑዕ እስራት ይቕፃዕ።

ዓንቀፅ 74. ምክያድ ፍሉይ ወፍሪ ምሓዝን ምዕራይን ተጠርጠርቲ

1. ኣካላት ፀጥታን ፍትሕን ንሰላምን ፀጥታን ህዝብን መንግስትን ትግራይ ኣብ ስግኣት ዘውድኞ ወይ ከውድኞ ዝኽእል ኩነታት ኣሎ ኢሉ እንትኣምን ኣብ ዝኾነ ቦታን

ጊዜን ብዘይ ትእዛዝ ቤት ፍርዲ ፍሉይ ወፍሪ ምሓዝን ምዕራይን ተጠርጣሪ ንክካየድ መምርሒ ስራሕ ወይ ትእዛዝ ክህብ ይኽእል፣

2. ነዚ ወፍሪ ዘካይዱ ኣካላት ከከምኣድላይነቱ በቢብርኩ ዝርከቡ ኣካላት ፀጥታ፣ ፍትሒ፣ ኣባላት ሰራዊት ትግራይን መርመርትን ተዋዲዶም ክፍዕምዎ ክገብር ይኽእል፣

3. ዝኾነ ኣካል ፀጥታ ወይ ኣባል ሰራዊት ትግራይ ወይ ዝኾነ ኣካል ወይ ዝኾነ ሰብ ኢድ ብኢድ ገበን እናፈፀመ ንዝተረኽበ ሰብ ሒዙ ናብ መርማሪ ፖሊስ ከረክብ ንዓቃቤ ሕጊ ድማ ክፍልጥ ግቡእ ኣለዎ፣

4. ዝኾነ መርማሪ ፖሊስ ወይ ዓቃቢ ሕጊ ገበን ኣንፃር ልኣላውነት፣ ህልውናን ድሕንነትን ህዝቢ ትግራይ ዝፈፀመ ሰብ ብዘይትእዛዝ ቤት ፍርዲ ሒዙ ክፃሪ፣ ዝኾነ ኣካል ፀጥታ ብዘይ ትእዛዝ ቤት ፍርዲ ኣብ ዝኾነ ጊዜን ቦታን ሒዙ ናብ መርማሪ ፖሊስ ከረክብ ንዓቃቤ ሕጊ ድማ ክፍልጥ ግቡእ ኣለዎ።

ዓንቀፅ 75. ምሓዝን ምፍታሽን

1. ኢድ ብኢድ ገበን እናተፈፀመ ኣብ ዘለሉ ወይ ክፍዕም ምኻኑ ሓበሬታ ወይ ምኽንያታዊ ጥርጣረ እንትህሉን ክበፅሕ ዝኽእል ጉድኣት ከቢድ እንትኸውንን ኣካላት ፀጥታን መርማሪ ፖሊስን ብዘይትእዛዝ ቤት ፍርዲ ዝኾነ ተጠርጣሪ ክሕዙ ወይ ኣብ ዝኾነ ቦታ ስራሕቲ ፍተሻ ክካይዱ ይኽእሉ፣

2. ድንጋገ ንኡስ ዓንቀፅ (1) ሕልው ኮይኑ ገበን ኣንፃር ህልውናን ድሕንነትን ህዝቢ ትግራይን ከበድቲ ገበናት ግዕዝይናን እንትፍፀሙ ኣብ ዝኾነ ጊዜን ቦታን ብዘይትእዛዝ ቤት ፍርዲ ተጠርጣሪ ምሓዝን ስራሕቲ ፍተሻ ምክያድን ይከኣል።

ዓንቀፅ 76. ስርዓት ምትብባዕ

ኣብዚ ኣዋጅ መበገሲ ቅፅዓቱም ዓሰርተ ዓመት ዝኾኑ ገበናት ምፍፃሞም ዝጠቆመ ወይ ሓበሬታ ወይ መረዳእታ ዝሃበ ወይ ዝመስከረ ሰብ ብመጠን ዘርከቦ ውዕኢት እናተመዘነ መተባብዒ ይወሃቦ፣ ዝርዝር ኣፈፃፅምኡ ብመምርሒ ይውሰን።

ዓንቀፅ 77. ግቡእ ምትሕብባር

ንኣፈፃፅማ እዚ ኣዋጅን ነዚ ኣዋጅ ስዒቦም ዝወፁ ሕግታትን ዝኾነ ሰብ ናይ ምትሕብባር ግቡእ ኣለዎ።

ዓንቀፅ 78. ተፈፃምነት ስሩዕ ሕግታት

1. ኣብዚ ኣዋጅ ካብ ዝተሸፈኑ ዋኒናት ገበን ወፃኢ ዘለዉ ተግባራት ገበን ብስሩዕ ገበን ሕግን ካልኦት ሕግታትን ስነ-ስርዓትን ይዳነዩ ወይ ይመሓደሩ፡፡
2. ቅድሚ እዚ ኣዋጅ ምውፅኡ ኣብ ስራሕ ዝፀንሑ ዝኾኑ ሕግታት ኮይኖም ንዚ ቢሂራዊ መኽተ ዕላማ ኣብ ምፍፃም ምስ እዚ ኣዋጅ ክሳብ ዝተጣዓሙ ተፈፃምነት ይህልዎም።
3. ኣብዚ ኣዋጅ ብግልፂ ኣብ ዘይተሸፈኑ ሓፈሻዊ መትከላት ሕጊ ገበንን ገበን ስነ ስርዓት ሕግን ከምኡ እውን ናይ መርተዖ ምዘና መትከላትን ሕግታትን ተፈፀምቲ እዮም፡፡

ዓንቀፅ 79. ስልጣን ምውፃእ ደንቢ

ቤት ምኽሪ ፈፃሚ ስራሕ ብሂራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ንኣፈፃፅማ እዚ ኣዋጅ ዝሕግዝ መፈፀሚ ደንቢ ክውፅእ ይኽንል፡፡

ደንቢ ናይ ምውፃእ ስልጣን ኣለዎ

ዓንቀፅ 80. ተፈፃምነት ዘይብሎም ሕግታት

ነዚ ኣዋጅ ዝፃረር ዝኾነ ሕጊ ወይ ውሳነ ወይ ልማዳዊ ኣሰራርሓ ተፈፃምነት የብለን።

ዓንቀፅ 81. ተፈፃምነት እዚ ኣዋጅ

1. እዚ ኣዋጅ ብቤት ምኽሪ ብሂራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ካብ ዝፀደቐሉ ዕለት ---/---/2018 ዓ/ም ጀሚሩ ተፈፃሚ ይኸውን፡፡
3. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ዝተገለፀ እንተሃለወ እውን ተፈፃምነት ኣብዚ ኣዋጅ ካብ ዓንቀፅ 35 ክሳብ ዓንቀፅ 48 ዝተደንገጉ ገበናት ካብ ጥቅምቲ 24/2013 ዓ/ም ጀሚሩ ይኸውን፡፡

ደብረፅዮን ገ/ሚካኤል (ዶ/ር)

ፕረዚደንት ብሂራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ

<u>መቐለ</u>